
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.144 | ቀዳም 15 ለካቲት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 በኹሪ ጓለይ ምእዛዝ ኣብያትኒ



ገጽ 5 ፍቕራዊ ስሕበት



ገጽ 7 ብለጽ ተመሃራይ



ገጽ 11 ሚልክያስ ተዓዊቱ




## ባይቶ ዞባ ደቡብ መበል 23 ስሩዕ ኣኼባኡ ኣቃኒዑ



ባይቶ ዞባ ደቡብ፡ “ምዕቃብ ጺጋታት፡ እምዝኩርናዕ ቁጠባዊ ምዕባለ” ብዝብል ቴማ መበል 23 ስሩዕ ኣኼባኡ ብ12 ለካቲት ኣብ መንደፈራ ኣቃኒዑ።

ኣቦመንበር ባይቶ መምህር ወልዳይ ጉብረ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንቕሓትን ተሳትፎን ህዝቢ ኣብ ሃገራዊ መደባት ልዑል ከምዝነበረ ብምግላጽ፡ ዘርኢ ሕጽረታት ንምቅላል፡ ኣባላት ባይቶ ምስ ህዝቢ ኣብ ዝነብርዎ ርክባት ብዕቱብ ክሰርሑሉ ጸዊዑ።

ኣመሓዳሪ ዞባ፡ ሓለፍቲ ክፍልታት፡ ጨናፍርን ማሕበራትን ብበወገኖም፡ ገሲጋስ ትግባረ መደባት ልምዓት ኣብ 2024 ብዝርዝር ድሕሪ ምብራሆም፡ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክሰፍሑን ክምዕብሉን፣ ዞባዊ ቤት-ማእከር ክቐውም፣ ኣታዊታት ስፖርት ንምዕባይ ክሰርሑ፣ ከምኡ'ውን ብዘይሕጋዊ መንገዲ ዝኣቱ መድሃኒታት ሕርሻን እንስሳን ቀመማዊ ድኻዒን ቁጽጽር ክግበረሉ ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ንመደባት 2025 ኣመልኪቱ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተሰፋጽዮን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብዝሰፍሐ ምቕጻል፣ ኣብ መስርሕ ዝርከብ ዲጋታትን ራህያታትን ምዝዛም ዝተጻንዑ ንስራሕ ምብርጋጸን፣ ምድላው ሓድሽ ማስተር ፕላን ሓወሲ ከተማ ማይምነ ምውዳድ መወዳእታ ህጻናት ኣብ ኩለን ትካላትን ካብ ዓበይቲ መደባት ምዃኖም ገሊጹ።

ባይቶ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ዝጦፍ ተመሃሮ ቀጻሊነቶም ንምውሓስ መሰልጠኒ ማእከላት ክኸፈታ፣ ተጠቀምቲ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ መድሃኒታት ክድፋኣሉ፣ ከምኡ'ውን ውሕስነት መኣዛዊ መግቢ ንምርግጋጽ ዝቶድድ ጸዕርታት ክሕይል ዝብል ውሳኔታትን ለበዋታትን ኣሕሊፉ።



ስኢሊ - ፊልሞን ትካቦ

## ዝኽሪ - ኣረሜንነት ስርዓታት ኢትዮጵያ

ብምኽንያት 50 ዓመት ‘ህልቂት ኣስመራ’፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ‘ኣይረሳዕናዮን’ ብዝብል ቴማ፡ ንየም ኣብ 1975፡ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ብጭካነ ዝሃለቑ ሰላማውያን ዜጋታቱ ይዝክሮም ኣሎ።

ዓመት 1975 ኣብ ታሪኽ ኤርትራ፡ ድሕረትን ኣረሜንነትን ገዛኢ ኢትዮጵያ ደሚቑ ዝወጸላ ዓመተ-ጃምላዊ ህልቂት'ያ። ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ብየሕቲ ለካቲት ኣብ ማእከል ኣስመራ ጉዙጉዝ እናኣተዉ ቁልዒ-ሰበይቲ ብጠያይትን ሳንጃን እናተኣህሉ ዝጀመርዎ ወፍሪ ቅትል ሕረድ፡ ናብ ብዙሕ ከባቢታት ኤርትራ'ዩ ልሒሙ። ኣብ ወኪድባ፡ ዓደጠኾኻይ፡ ደቀምሓረ፡ ማይዕዳጋ፡ ደባርዋ፡ መንደፈራ፡ ዓዲቐይሕ፡ ኣቑርደት፡ ሕርጊጎ፡ እምበረሚን ካልኦት ሓያሎ ዓድታትን ኣሸሓት ዜጋታት ብዘሰገድግድ ጭካነ ዝሃለቑላ ዓመት እያ። ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ጥራይ ኣስታት 3000 ሰላማውያን ኤርትራውያን ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ከምእተቐትሉን ከምእተገፍዑን ይፍለጥ።

ሰላማዊ ህዝቢ ኣካል ወግኢ ምግባር፡ ባህሊ መሳፍንቲ ኣበሲንያ'ዩ። ህዝቢ ምለእ ጸላኢ ሓሲቡ፡ ንብረቱ ምርሳይን ጥሪቱ ምዝማትን ጅግንነት'ዩ ዝወሰድ። ሃጼይ ሰርጸ-ድንግል፡ ቀዳማዊ ኢያሱ፡ ደግያት ወብ፡ ደግያት ሰብጋደስ፡ ሃጼይ የሃንስን ራእሲ ኣሉላን ካልኦትን ንዘተፈላለየ ከባቢታት ናይ ሎሚ ኤርትራ እናወረሩ ዝፈጸምዎ ግፍዒታት ብምልኣት ዘይተጸወየሉ ኣገዳሲ መሰከሒ ዛንታታት እዩ። እዚ ድሕረትን ኣረሜንነትንዚ፡ ኣብ ዘመናዊት ኢትዮጵያ'ውን ኣይተቐየረን። ኤርትራ፡ ብውዲት ርእሱ-ሓያላን ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ክትቁረን ኣብ ዝተፈርደትሉ እዋን “እምቢ ያለ ሰው ጥይት ኣገርሰው!” (እምቢ ዝበለ ጥይት ኣኽልሶ) ኢሉ ዝጀመረ ንሰላማውያን ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ፡ “ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን፤ ዓሳ ንምጽናት ባሕሪ ምንጻፍ!” እናተባህለ ን30 ዓመታት ዓሰርተታት ኣሽሓት ዜጋታት ኣህሊቑ።

ብኡ'ውን ኣየብቅዐን። ድሕሪ ናጽነት ከም ኣካል ናይቲ ንህዝቢ ኤርትራ ንምንብርካኽ ዝተኻየደ ቅሉዕ ወራር፡ እዚ ድሕረትን ኣረሜንነትን ገዛኢ ኢትዮጵያ ብኻልእ መልክዑ ክደግሞ ተራእዩ።

ገዛኢ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ክንዲ'ዚ ዝኣክል ጃምላዊ ህልቂት፡ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ሰብኣውነትን ሰፊሕ ናይ ኩናት ገበንን ኣብ ዝፍጽምሉ ዝበረ እዋን፡ እዛ ብሰብኣዊ መሰል እትመጻደቕ ዓለምና፡ ነዚ ቅሉዕ ኣረሜንነት'ዚ ንምኹናን ብጨቕ ክትብል ኣይተሰምዐትን። “ንየም ሓያላት ገበን ዝበሃል፡ እቲ ካልኣት ዝፍጽምዎ ጥራይ'ዩ” ይብል ኣመራዊ ፕሮፌሰር ናኦም ቾምስኪ። ባዕላቶም፡ መሓዙቶምን ሸቀልቶምን ዝፍጽምዎ ገበን - ገበን ኣይኮነን።

ኣረሜንነት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ዘይሃሰስ ሰምብራት ገዲፉ እዩ። እንተኾነ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ድሕሪ ናጽነት ቂምን ቅርሕንትን ክቋጽር ኣይደለየን። ሕነ ናይቲ ኩሉ ሰቓይን ግፍዕን ክፈዲ ከይሓሰበ፡ ናጽነቱ ኣብ ዝተጐናጸፈሉ ቅንያት ዝማረኾም 130,000 ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ብሰብኣዊ ክሕከን ሓዚ ንዓደም ምፍናዉ ዓለም ዝፈለጦ'ዩ። እቲ በደል፡ ናይቶም መራሕቲ ምኳኑ፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ንባዕሉ ግዳይ ምኳኑ ዝርድኣ ንቑሕ ህዝቢ'ዩ። መራሕቲ ኢትዮጵያ'ውን እንተኾኑ ኣገልገልቲ ናይቲ ንህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብቑጽሊ እናናቖትካ ዘይዓርፍ ኩናት ብምስዋር፡ ነዚ ዞባ ናይ ምቁጽጻር ግሎባዊ ስትራተጂ እዮም ዝዕየዩ።

ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓባር ክዕብዩ ባህርያዊ ዕድሎም እዩ። ብሰፊሕ ኣእምሮ ጉርብትና ምርቓ እምበር መርገም ኣይኮነን። ናብዚ ንቕሓት'ዚ ንምዕራግ እምበኣር፡ ሕሉፍ ገበናት ምዝካሩ ኣገዳሲ'ዩ። ከመይሲ ህዝብን መራሕትን ካብኡ ትምህርቲ ቀሲሞም ንቕሓት ምስ ዘጥርዩ ንጥዑይን ሰላማውን ሰልጡንን ዝምድና ህዝብታት ወሳኒ እዩ።

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

## ባረንቱ- ንኣልማዕቲ ጀራዲን ስልጠና ተዋሂቡ



ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ እቶትን እቶታውነትን ኣልማዕቲ ጀራዲን ንምዕባይ ዝዓለመ፡ ኣብ ምብዛሕ ዘርኢ ድንሽ ዘተኩረ ስልጠና ብ7 ለካቲት ወሃቡ።

እቲ ስልጠና፡ ኣብ ኣገባብ ምርባሕ ዘርኢ ድንሽ፡ ከምኡ'ውን ልምዓት ድንሽን ብልጫታቱን ዘተኩረ ምንባሩ ዝሓበረ ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ሙሴ ባህታ፡ ነቲ መደብ ንምስግጋር ሎሚ ዓመት 50 ኩንታል ዘርኢ ድንሽ ንሓረስቶት ከምእተዓደለ ገሊጹ።

ብዘተግበረ ምርምራዊ ስርሓት፡ ዘርኢ ድንሽ ካብ ወርሒ ሕዳር ክሳብ መፋርቕ ወርሒ ለካቲት ኣብ ቆላታት ብጽቡቕ ክፈሪ ከምዝኽእል ጠቒሱ ድማ፡ ኣልማዕቲ ብሰፊሓት ክተኣታትውዎ ተላብዩ።

ኑቲ ስልጠና ዝለቡ ሳዕለዎት ክኢላታት ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ብወገኖም፡ ኣልማዕቲ ጀራዲን ኣብ ከባቢኦም ንዘሎ ጺጋታት ማይን መሬትን ብግቡእ ተጠቒሞም፡ ርቡሕ ምህርቲ ንምርካብን ዘርኢ ድንሽ ንምትእትታው ብዝዕባ ክኽተልዎ ዝግብኦ ሜላታትን ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ሓረስቶት ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተጻንዑ ምሩጻት ዓሌታትን ወለዶታትን ብምትእትታው ኣብ ምህርቶም ዓይነታዊ ለውጢ ከምጽኡ ኣተሓሳሰቦም።

ምርባሕ ዘርኢ ድንሽ ኣብ'ቲ ዞባ ኣብ 2015 ከምእተኣታተወ ዝሓበረ ሓላፊ ልምዓት ብቖሊ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ጎይትኦም ሃይለሚካኤል ብወገኑ፡ ካብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት 200 ኩንታል ዘርኢ ድንሽ ከምእተላእከን ንምስፍሑ ብክኢላታት ዝተደገፈ ቀጻሊ ኀስጓሳትን ኣስተምህሮን ይወሃብ ከምዘሎን ኣረዲኡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ - ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም ብወገኑ፡ ምህርቲ ድንሽ ንምዕባይ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ኩነታት ዝፋብን ክሊማን ዝሰማማዕ ብምርምር ድሕሪ ምልላይ፡ ብዝሰፍሐ ንምዝውታሩ ዕቱብ ስጉምትታት ይወሰድ ከምዘሎ ኣረጋጊጹ።

ስልጠንቲ ኣብ መወዳእታ፡ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ንዝወሃቦም ኣስተምህሮታትን ንዝግበረሎም ምትብባዕን ድሕሪ ምምስጋን፡ ልምዓት ድንሽ ንምትእትታው ኣበርቲዖም ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ዜና

# ብምኽንያት መበል 50 ዓመት ዝኽሪ ግፍዕታት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን፡ ስእላዊ ምርኢት ተኸፊቱ

ብምኽንያት መበል 50 ዓመት ዝኽሪ ግፍዕታት መግዛእታዊ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ዝተዳለወ ስእላዊ ምርኢት፡ ትማሊ 14 ለካቲት ብኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይለ ተኸፊቱ።

እዚ ኣብ ፊት ህንጻ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ተዳልዩ ዘሎ ምርኢት፡ ብግዝኣት ስርዓታት ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ግፍዕታት ዘጽብርቕ 50 ስእልታት፣ ዝርዝር ኣስማት ግዳያት ብኸፊል፣ ከምኡ ድማ ነቲ ፍጻመ ዘንጸብርቕ ሰነዳዊ ፊልምታት የጠቓልል።

እቲ ብወትሃደራዊ ዝቐረበ ኣሳእል፡ ካብ ስነዳ ፖሊስ ኤርትራ ዝተረኽበ ምዃኑ፡ ካብ ኣወሃሃድቲ ናይ’ቲ ምርኢት ኣቶ ሳምሶም ክፍለን ስነጥበባዊ ግደይ ጉብረሚካኤልን ሓቢሮም።

ኣቦ’ቲ ኢጋጣሚ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይሉ፡ ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሱፍ ሳይቕን ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኣት ተወልደብርሃንን፡ ንዝኽሪ ሰማእታት ኣኽብሎ ዕንባባ ከንብሩ ከለዉ፡ ነቲ ዕለት ዘንጸብርቕ ስነጥበባዊ ምርኢት ቀሪቡ።

እቲ ስእላዊ ምርኢት፡ ክሳብ ሰንበት 16 ለካቲት ንህዝቢ ክፉት ኮይኑ ክቕጽል እዩ።


ስእሊ. ናዝሬት በይን

# ሓመልማሎ - ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢን ኣካየድቲ ስራሕን ይካየድ ኣሎ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ፡ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣሃብርቲ ዓድን ይካየድ ኣሎ።

ኣብ ምጅማር ናይ’ቲ መስርሕ ኣመሓዳሪት ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ኣምና ሓጅ ኣብ ዘስመዐቶ ቃል፡ መረጽትን ተመረጽትን ክማልእዎ ዝግብኦም ቅጥዕታት ድሕሪ ምግላጽ፡ ህዝቢ ካብ ኩሉ ትሕተ-ሃገራዊ ሰሚናታት ሓራ ብምዃን ንቑሕ ተሳትፎኡ ከዕዝዝ ኣዘኻኺራ።

ጸሓፊ ህግደፍ ሚጀር ዓምር ማሕሙድ ብወገኑ፡ ኑቶም ኣብ ኣገልግሎት ዝጸንሑ ሰለ’ቲ ዝገበርዎ ወፋይ ኣበርክቶ ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ደቂኣንስትዮ ኣብ ስልጣን ንኽመጽኣ ምትብባዕ ክግበረለን ተላቢዩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳን ኣቦ-መንበር ቦርድ ምርጫ ዞባ ኮሎኔል ክብሮም ንርኣዮን ድማ፡ ነቲ መስርሕ ድሕሪ ምዕዛብ፡ ዝምረጹ ብልዑል ሞራል፡ ተወፋይነትን ብቕዓትን ዝሰርሑ ሓላፍነታውያን ክኾኑ፣ ከምኡ’ውን ልዑል ፍቕሪ ሃገር ዘለዎም ብእምነት ዘገልግሉ ክኾኑ ተማሕጺኖም።

እቶም ዝተመርጹ ብወገኖም፡ ንዝመረጾም ህዝቢ ብተወፋይነት ከገልግሉ ምዃኖም ቃል ኣትዮም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ብ11 ለካቲት ብደረጃ ምምሕዳር ከባቢ ግዝያዊ ዝተጀመረ መስርሕ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣሃብርቲ ዓድን ካብ 19 ለካቲት ኣብ ትሸዓተ ምምሕዳራት ከባቢ ክቕጽል እዩ።



# ደ/ቀ/ባሕሪ - ኣብ ዋደ፡ ጎዳእቲ ልምድታት ንምግታእ ዝሕግዝ ርክብ ተኻይዱ

ጎዳእቲ ልምድታት ብሓፈሻ ከሽቦ ጓልኣንስተይቲ ድማ ብፍላይ ንምግታእ፡ ብ8 ለካቲት ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ዋደ ርክብ ተኻይዱ።

ሓላፊ ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ የሴፍ ፍስሃየ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ምኽንያቱ ደቂኣንስትዮ ንዝሰዕቦ ጥዕናዊ ስነኣእምሮኣውን ማሕበራውን ሳእየ ብምጥቃስ፡ ጥዕና’ተን ፍርቂ ሕብረተሰብ ዝኾና ደቂኣንስትዮ ንምውሓስ፡ ብንቕሓት ንምውጋዱ ክሰርሕ ጸዊዑ።

ኣቦ-መንበር ኮሚቴ መሰላት ደቂኣንስትዮን ቁልዑን ምውጋድ ከሽቦን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ኣቦ’ቲ ዞባ ኣቶ ሐመድ ዓሊ ብወገኑ፡ ካብ ዞባ ክሳብ ዓድታት ብብደረጃኡ ብዝቖሙ ኮሚቴታት ዝተዋደደ ዝተወደበ ስራሓት ዝያዳ ኣድማዕነት ዝሀልዎ ኮም ምስ ዝሳተፎ ስለዝኾነ፡ ኣብ ኩለን ዓድታት ብዕቱብ ክስራሕ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ነዊሕ ሰረት ዘለዎ ልምዲ ንምግታእ ልዑል ንሓቕትን ፍልጠትን ስለዘሎ፡ ኣብ’ዚ መዳይ’ዚ ከይተሓለልካ ምስራሕ ከምዝድለ ኣገንዚቦም።

# ዓንሰባ - ኣብ ምግታእ ገበናት ዝምስገን ገስጋስ ይምዝገብ

ንቕሓት ሕብረተሰብ ንምብራኽ ዝዕላማ ዝተኻየደ ገጽ ብገጽ ዝኾነ ዘተ፡ ኣብ ምግታእ ገበናትን በደላትን እወታዊ ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ፡ ኣዚዚ ፖሊስ ዞባ ዓንሰባ ብ8ን 9ን ለካቲት ንተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ተኽልታትን ሓጋዝን ነበርቲ ዒላበርዕድን ኣብ ዝገበሮ ኣስተምህሮ ገሊጹ።



ኮሎኔል ልብሱ ተስፋሚካኤል ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ መንእሰያትን ተመሃሮን ብሩህ መጻኢኦም ንምውሓስ፡ ንዑኦም ካብ ገበናት ርሒቖም፣ ንገልኣት ኣብ ምእላይን ድሕነትን ሰላምን ከባቢኦም ኣብ ምውሓስን ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ተላቢዮም።

ን2024 ምስ 2023 ብምንጽጻር፡ ንትራፊካዊ ሓደጋታትን ንሱ ዘውርዶ ሃሲያን፣ ተራን ኣበርክቶን መንእሰያት ኣብ ህንጸት ሃገር፣ ከምኡ’ውን ኣብ ካልእ ዛዕባታት ዘተኮረ ሰፊሕ መግለጺ ዝሃበ ኮሎኔል ልብሱ፡ ተራ ህዝቢ ብሓፈሻ ናይ መንእሰያት ድማ ብቐንዱ ውሂ ከምዝኸፉ ኣፍሊጡ።

ሓላፊ መርመራ ገበን ሚጀር ተስፉ ተስፋሁነይ ብወገኑ፡ ኣብ 2024 ብደረጃ ዞባ ብዝገጠመ 298 ሓደጋታት ተሸከርከርቲ ህይወት 11 ዜጋታት ክሓልፍ ከሎ፡ 63 ከቢድ፡ 149 ድማ ፈኲስ ኣካላዊ ጉድኣት ከምዝወረዶም፣ ከምኡ’ውን ልዕሊ 5 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ዕንወት ኣብ ንብረት ከምዝገጠመ ኣሕሲሩ።

ሚጀር ተስፉ ኣሰዒቡ፡ ኣብ ጥሕሰት ሕጊ ትራፊክ ናይ 4.2 ሚእታዊት ወሰኽ ከምዝዀበ ከሎ፡ መጠን ሓደጋ ተሸከርከርቲ ድማ ብ9.7 ሚእታዊት ከምዝነከየ ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ንኣገዳስነት ናይ’ቲ ትምህርታዊ ኣስተምህሮታት ብምጥቃስ፡ ተሳትፎኦምን ኣበርክቶኦምን ከምዘዕዝዙ ቃል ኣትዮም።



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤርበክስ |
| 09:45 | ሃሎ ቈልዑ |
| 10:20 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለስ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጨፍራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዶክመንት |
| 14:20 | ናትራን |
| 16:30 | መደብ መኣዝን |
| 18:30 | ሳይዳ |
| 19:05 | ደረትቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ረብዓት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተኩኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጸጋታት ባሕርና |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ሽባብ

ሃማመተኤ


## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቐምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኣስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጾስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# በዅሪ ጓለይ ምእዛዝ ኣብያትኒ



ኣማኻሪ፤ ሄለው። ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኩም ኣለኹም፣ መን ክብል?

ደዋሊት፤ ኣስመረት እበሃል። ከመይ ውዒልካ?

ኣማኻሪ፤ መርሓባ ኣስመረት። ጽቡቕ። ትድውልሉ ዘለኺ ቦታ፡ ዕድሜኽን ደረጃ ትምህርትኽን ዶ ምሓብርክኒ?

ደዋሊት፤ ካብ ኣስመራ'የ ዝድውል ዘለኹ። ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ 3 ቈልዑን'የ። ዕድመይ 40 ዓመት፡ ደረጃ ትምህርተይ ከኣ 12 ክፍሊ በጺሐ።

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ኣስመረት። መደወሊኺ ምኽንያት እንታይ ኮን ይኸውን?

ደዋሊት፤ 8ይ ክፍሊ ትመሃር ጓል 14 ዓመት በዅሪ ጓለይ ምእዛዝ ኣብያትኒ። ገለ መፍትሒ እንተ ረኺብኩ ኢለ'የ ናባኹም ደዊለ ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ እንተ ተላዚብካ መፍትሒ ኣይስኣንን'ዩ። መጀመርያ ምኽሪ ደሊኺ ምድዋልኪ ከየመስገንኩኺ ክሓልፍ ኣይደልን። ኩነታት ውላድኪ ኣስፍሕ ኣቢልኪዶ ምገለጽክለይ?

ደዋሊት፤ ቀንዲ ኣጨኒቑኒ ዘሎ ጉዳይ ኣማስያ ትኣቱ ኮይና። ኣይተምስዩ እንተ በልክዋ ኸኣ ኣይትሰምዓንን'ያ።

ኣማኻሪ፤ ብዓልቤትኪ ምሳኹም ኣሎ ድዩ?

ደዋሊት፤ እወ ኣሎ?

ኣማኻሪ፤ ንሱ ኸ እንታይ ይብላ?

ደዋሊት፤ ንሱ'ውን ኣይተምስዩ እዩ ዝብላ። ትሰምዖ ግን ኣይኮነትን።

ኣማኻሪ፤ ክሳብ ሰዓት ክንደይን ኣበይ ከም ተምስን ኣፍልጦ ኣለኩም ድዩ?

ደዋሊት፤ ክሳብ ሰዓት 9፡10 ምሸት ትጸንሓሉ ግዜ ኣሎ። ኮደብደብ እናባለት "ምስ መሓዛይ ከነጽንዕ ከነዕልል ጸኒሐ" እያ ትብል።

ኣማኻሪ፤ እዚ ዘሰክፈኩም ዘሎ ባህሪ ክንደይ ገይሩ ይኸውን?

ደዋሊት፤ ዋላ ንእሽቶ እንኮላ ብዙሕ እዝዝቲ ኣይነበረትን። እዚ ምምሳይ ግና ዳርጋ ዓመት ገይሩ ኣሎ።

ኣማኻሪ፤ ውላድኩም ንምእራም ዘወሰድኩሞ ስጉምታት እንታይ ይህሉ?

ደዋሊት፤ እዋእ፡ ኣነ እኳ ከም ኣደ መጠን ካብ ምቁያቕን ምምዓድን ሓሊፈ ዝገብርክዎ የብለይን። ኣቡኣ ግና ቅድም ኣቓዲሙ "ዕድሚኣ'ዩ፡ " ይብል ነይሩ። ሕጂ ግና ክሃርማን ከፈራርሀን ጀሚሩ ኣሎ።

ኣማኻሪ፤ ኩነታት ትምህርታ ኸ ከመይ ኢኹም ትከታተልዋ?

ደዋሊት፤ ኣቦኣ ከይዱ ሓቲቱላ። ኣብ ትምህርቲ ከም ዘይትግደስን ብስነ-ምግባራ ዘይትነኣድ ምዃና ምስ ሓበርዎ ጉህዩ'ዩ ንገዛ ተመሊሱ።

ኣማኻሪ፤ ብዛዕባ መሓዙታ ኸ ኣፍልጦ ይህልወኩም ዶ?

ደዋሊት፤ ንገዛ ስሒት ኢለን ዝመጽኣ ክልተ ኣለዋ። ብዙሕ ዝብርሃኻ ኣይኮናን። ተመሃሮ ኮይነን ኣይስመዓኻን'የን።

ኣማኻሪ፤ ናትኪ ምምዓድን ምቍያቕን ናይ ኣቦኣ ምፍርራሕን ምህራምን ጠቒሙ ዶ ትብሊ?

ደዋሊት፤ እንታይ ክጠቅም ድኣ፡ መሊሱ ገዲድዋ እምበር።

ኣማኻሪ፤ ምፍርራሕ፡ ምህራምን ምቍያቕን ለውጢ ከም ዘየምጽአ ሓቢርክኒ ኣለኺ። ብኸመይ ኣገባብ ትምዕድያ ትኾኒ?

ደዋሊት፤ ተመሸጥኩ ተዅሓልኩ ክትብል ኣብ መስትያት ምስ ኮነ ምውዓላ፡ ኣብ ትምህርታ ክትግደስን ምስ ዘየድልያ መሓዙት ምቕራብ ክትገድፎን እሕብራ'የ።

ኣማኻሪ፤ ውላድኩም ዘላቶ ዕድመ ግርዝውና፡ ብዝፈጥሮ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ለውጥታት፡ 'ኣነ እኹል ሰብ'የ' ዝብል መንነት ዝጥረየሉ ዕድመ ስለ ዝኾነ፡ ካብ ምስ ወለዲ ምስ ዓርከ መሓዛ ዝግበር ዝምድና ዋጋ ስለ ዝህብዎ። ብተወሳኺ ምኽሪ፡ ማዕዳን ጸቕጥን ወለዲ እኹል ሰብ'የ ካብ ዝብል መንፈስ ነጻ ኮይኖም ክነብሩ ይደልዩ። ኣብዚ እዋን ኣብ ኣካልቶም ዘለዎም ግንዛበ ስለ ዝዓቢ ኣብ ነብሶም ምእላይ ተገዳስነት ዘዕብይሉ'ዩ። ስለዚ እዚ ዕድመ 'ኣነ እፈልጥ' ዝብል ስምዒት ዝዕብልሎ ስለ ዝኾነ ንእኡ ዝዳረግ ኣተኣላልይያ ይሓትት። እዚ ስለዝኾነ ድማ ኣዛዚ ጥራይ ኴንካ እትቐርቦም ምፍታን ብዙሕ እዋን ዘሰማማምዕ ኣይኮነንን።

ስለዚ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ግቡእ ባይታ ምብህሃል ብምፍጣር ውሳኔታት ከተማእዝንዎ ይግባእ።

ደዋሊት፤ ግቡእ ምብህሃል ኢልካኒ። እንታይ ማለትካ እዩ?

ኣማኻሪ፤ ግቡእ ምብህሃል፡ ቅድም ቀዳድም ኣብ ወሳኒ ናይ ለውጢ ዕድመ ምህላዋ ምግንዛብ የድሊ። ነዚ ምርኩስ ብምግባር ዝምባሊኣ ምጽናዕ ከድልየኩም'ዩ። ንገዛእ ርእሳ ከም እኽልቲ ሰብ ስለ እትግንዘቦ ኣብ ናይ ቤትኩም ጉዳያት ከተሳትፍዋን ሓሳባታ ክትገልጽ ምግባር፡ ቅቡል ሓሳብ ምስ እተቕርብ ክትነኣድ፡ ዘይቅቡል ምስ ዝኸውን ድማ ብእትርድኦ መገዲ ካልእ ሸነኽ ክትምርምር ምሕጋዝ። ሓሳባታ ኣብ እትገልጸሉ ክትደሃል ዘይኮነ ንዝቐረበቶ ሓሳብ ትርጉም ከም ዘለዎን ሓሳባታ ከም ዘይንዓቕ ብምግላጽ፡ ናጽነት ተሰሚዕዋ ሓሳባታ ክትገልጽን ምትብባዕ።

ኣብ ተምስየሉ ግዜ ድማ ሳዕቤናቱ ኣረዲእኩም ብኣኣ ሕጉሳት ከም ዘይኮንኩም ምርዳእ የድልያ። በዚ ኣገባብ ከኣ ነቲ ክንሃጾ ንደሊ ዘለና መንነት ኣብ ምምእዛንን ሓላፍነት ኣብ ምስካምን ስለ ተሳትፍዋ ባህ ክብላን ብዘይ ስክፍታ በብቑሩብ ክትቀርበኩምን ክትእዘዘኩን ክትክእል'ያ።

ደዋሊት፤ ክሳብ ክንድ'ዚ ዕድል ንቑልዑ ምሃብ ግና መሊሱ ዘሻድኖም ዶ ኣይከውንን። ንሕና እኮ ተቓጺዕና ኢና ዓቢና ወለድና ዝበልዎ ኸኣ ፈቲና ዲና ከይፈተና ነተግብሮ ነይርና።

ኣማኻሪ፤ ኣብ ግዚኡ ብመጠኑ መግናሕቲ፡ ካብቲ ድሌታት ምኽልካል ዝጽልላእ ኣይኮነንን። እንተኾነ፡ ዝኸበርኪ ኣስመረት ንስኺ ዝዓበኽሉ እዋንን ጓልኪ ትዓብየሉ ዘሎ እዋንን ዝተፈላለየ ምዃኑ ኣይትስሕትዮን ትኾኒ። ኣበይ ዓቢኺ ትኾኒ?

ደዋሊት፤ ኣብ ኣስመራ ዓብየ።

ኣማኻሪ፤ ቅድሚ ዕስራታት ዓመታት፡ ጉርዞ ኣብ ዝነበርክሉ እዋን፡ እዚ ሕጂ ንጥቀመሉ ዘለና መራኸቢታት፡ ከም ሞባይል፡ ተለቪዥን፡ ኢንተርነትን ካልእን ከምዚ ናይ ሎሚ ብቐሊሉ ንጥቀመሉ ኣይነበርናንን። መነባብሮና'ውን ካብዚ ናይ ሎሚ ብዙሕ ፍልልይ ኣለዎ። እዞም ሕጂ ኣብ ዕድመ ጉርዙውናን ብጽሕናን ዘለው ደቅና ግና ዘመን ዘምጽኦ ንብዙሕ ጽቡቕን ሕማቕን ነገራት ዝተቓልዑ እዮም።

ብእኡ መጠን ድማ ቅኑዕ ዝበሃል መንንነት ክመርጹን ከጥርዩን ብዙሕ ብድሆታት ኣለዎም። ስለዚ እዞም ሕጂ ዘለና ወለዲ ድማ ማዕረ ግዜና ሰጒምና፡ ንደቅና ክነማእዝን ጻዕሪ፡ ኣፍልጦን ንቕሓትን ከድልየና'ዩ። ኣብ ጉዳይ ጓልኩም ክምለስ፡ ከም መዛኑኣ ኴንኩም ንስምዒታን ሓሳባን ተረዲእኩም ብፍቕሪ ኢሂን ምሂን ምባል ጥራይ እዩ ዘድልየኩም። ኣትባባዕትን ኣማእዘንትን እንተ ኴንኩም፡ ብኣሉታዊ ጽልዋ መዘና ግዜ ዘምጽኦ ጽልዋታት ኣይክትጽሎን'ያ። እቲ ቅኑዕን ጌጋን ዝበሃል ንኣኣ ቅድም ክትዛረብ ዕድል ሂብኩም ሓሳባታ ተረዲእኩም ምስ ዕድሚኣ ዝኸይድ ብወገንምን ብሕብረተሰብን ቅቡል ዝበልኩሞ ባህሪ ከተማዕብል ዝሕግዝ ሞራላዊ ሓሳባት ክትዘርኡላ ኣለኩም። ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩኺ መንነታ ትሃጸሉ ዕድመ ስለ ዝኾነ ኣማእዘንቲ እንተ ኴንኩም ጥራይ'ያ ክትሰምዓኩም እትኽእል።

ደዋሊት፤ ኣዝዩ'ዩ ዘገርም። ከመስግነካ እደሊ። ብዙሕ ክፈልጦ ዘለኒ ጉዳያት ከም ዘሎ ኣብሪህካለይ ኣለኻ። በል እስከ፡ ነዚ ዘዕለልናዮ ኹሉ እርይ ቍጽር ኣቢለ ንብዓልቤተይ ከዕልሎ'የ። በዚ ትብሎ ዘለኻ መንገዲ ክንኣልያ ክንፍትን ኢና። ኣዝየ ኣመስግነካ፡ የቐንየለይ።

ኣማኻሪ፤ ገንዘብኪ ምሕረት። ጓልኩም ኣብ ምምእዛን ክትዕወቱ እምነየልኩም። ምስ ብዓልቤተይ ከዕልል'የ ምባልኪ'ውን ኣዝዩ ጽቡቕ ሓሳብ'ዩ። ተረዳዲእኩም እንተ ሰሪሕኩም ድማ ከም ትዕወቱ ዘማትእ የብልኩምን። ስለ ምድዋልኪ ኣመስግነኪ።

ደዋሊት፤ ኣነ'ውን ኣዝየ ኣመስግን።

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

## ዑስቢ ፃእሸተይ ትዕግስቲ

ሱራፌል ተ.

ሓደ መንእሰይ፡ መወዳእታ ዓመት ናይ ኮለጅ ትምህርቱ ምስ ኣኸለ። ናይ መወዳእታ ዓመቱ ምዃኑንን ኣብ መመረቕታኡ ዝጸብያ ዝበለጸትን ዝፈጠነትን ዝብህጋ መኪና እንተ ዘይኪዩኑ ኻልእ ከም ዘይምነን ንኣቦኡ ነገሮ። ኣቦኡ ኣይኮነን መኪና፡ ደሴት ምሉእ ከግዝእ ዝኽእል ዓቕሚ ነበሮ። መዓልቲ መመረቕታ ኣኸለ። ኣብ ገዛ ምስ ኣተዉ፡ ኣቦኡ ናብ ክፍሉ ኽመጽእ ጸወዖ። "ትምህርትኻ ብምውዳእካ ኣመና ተሓጉሰ ኣለኹ፣ ከማኻ ጥዑም ውላድ ዓሰርተ መዕበኹ፡ ብዅሉ እንተናኻ ኸኣ ተሓቢነ'የ፡ " ብምባል ሓንቲ ብዘብረቕርቕ ወረቐት ዝተጠቕለለት ህያብ ኣቦ። እቲ መንእሰይ ዝጽበያ ዝነበረ፡ ኣመና ዘጌጸት መኪና'ያ። ሕማቕ እናተሰመዖ ነታ ህያብ ብህንጡይነት ከፈታ። 'ቅዱስ መጽሓፍ' ዝብል ኣብ ገበር መጽሓፍ ምስ ረኣየ፡ ብሕርቃን፡ "ካብዚ ኹሉ ሃብትኻስ ቅዱስ መጽሓፍ ክትህበኒ፡" ብምባል ነቲ መጽሓፍ ደርብዩ ወጽኣ። ብእኡ ኣቢሉ ኣይተመልሰን። ከይተረኣኣዩ ነዊሕ ዓመታት ሓለፈ።

እቲ መንእሰይ ኣብ ንግዲ ተዋፊሩ ዕዉት ሰብ ኰነ። ሃብተመን ጥጡሕ ሓዳር ገበረን። 'ኣቦይ ኣሪጉ ይህሉ'ዩ እሞ ኽርእዮ ጽቡቕ'ዩ፡' በለ። ናብ ኣቦኡ ክኸይድ መዓልቲ ኽይወሰነ ግን መልእኽቲ መጽኦ። ኣቦኡ ኽም ዝዓረፈ፡ ኵሉ ሃብቱ ኽም ዘውረሶን መጺኡ ኣመቱ ኽገብርን ዝገልጽ መልእኽቲ ነበረ። ናብ ገዛ ኣቦኡ ምስ ከደ፡ ጣዕሳን ሓዘንን ጎልበቦ። ኣብታ ናይ ኣቦኡ ኽፍሊ ምስ ኣተወ፡ ነታ ኣብ መዓልቲ መመረቕታ ዝገደፋ መጽሓፍ ረኣያ። ኣልዒሉ ኽገናጽላ ጀመረ። ኣብ መንጎ እቲ መጽሓፍ ሓደ ረሲት ረኣየ። እቲ ረሲት ብመዓልቲ መመረቕትኡ ዝተቑረጸ ረሲት ነበረ። ረሲት ናይታ ዝብህጋ መኪና ድማ ነበረ።

***

Inspiratinalstories.com

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፊልማዊት መዓሾ



# “ሕርሻ፡ ጻማይ ዝሓፍሰሉ ዓውዲ ኰይኑ ረኺበዮ”

## ሓረስታይ ተኽላይ መልኣከ

ንሓረስታይ ተኽላይ መልኣከ ንምርካብ ናብ ደቂ ዘርኡ ኢና ኣቕኒዕና። ደቂ ዘርኡ፡ ካብ ኣስመራ ንሰሜን ኣስታት 30 ኪሎ ሜትር ርሒቓ ትርከብ። ኣብ'ቲ ወትሩ ዘይፍለዮ ቦታ፡ ከየቋረጸ ዝጽዕረሉ ዓውዲ ስራሕ፡ ከባቢኡን ገዛእ ርእሱን ዝቐየረሉ ከባቢ ድማ ረኺብናዮ። ከም ኩሉ ግዜ ክሰርሕን ክጽዕትን'ዩ ጸኒሑና። ነቲ ካብ ክኢላታት ሕርሻ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ'ውን ኣብ ባይታ ከም ዝተርጎሞ ብዓይንና ተዓዚብና።

ሓረስታይ ተኽላይ መልኣከ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ንዓይነት ቅርጺ መሬት፡ ስፍሓት ቦታን ካልእ ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ረቛሒታትን፡ ከም ብድሆ ኣይተዓግተሎምን። ሰሪሑ ጸገሙ ንምፍታሕ እናጸዓተ ኸኣ፡ ዓጸፋን ውጽኢታዊ ፍረን ንምርካብ፡ ኣበርቲዑ ክሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን። መሬት ዝሃብካያ ስለ እትመልስ፡ ናይ መጻኢ መደባት ልምዓቱ ውሑስን ተስፋ ዘለዎን እናገበረ ይሰርሕ ኣሎ።

ሓረስታይ ተኽላይ መልኣከ፡ ነዚ ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት ሕርሻ ብኸመይ ከምዝጀመሮ ከብርህ ከሎ፡ “እዚ ቦታ፡ ግራት ምንዳድ እዩ ዝበሃል። ናብ'ዚ ቦታ ድማ ኣብ 2003/4 እየ መጺአ። እዚ ቦታ፡ ፈለማ ናይ ሕርሻ መሬት ኣይነበረን። ክጅምሮ ከለኹ፡ እምንን ኣዝዩ ተሪርን ቦታ'ዩ ጸኒሑኒ። ሕርሻ ናይ ምክያድ ህርፋን ስለ ዝነበረኒ ግን፡ ክሳዕ ሕጂ፡ እምኒ እናፈንቀልኩን እምኒ እናወገንኩን ኣልምየ ኣለኹ። ከምቲ ዝድለ ናይ ሕርሻ ቦታ ንምግባሩ ዝገብሮ ዘለኹ ጻዕሪ ከኣ፡ ውጽኢት ረኺበሉ ስለ ዘለኹ፡ እቲ ጻዕርን ሓርኮትኮትን እቐጽሎ ኣለኹ” ይብል።

ኣብ ዕዙዝ ተሳታፍነትን ኣድማዒ ውጽኢት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ውልቀ-ሓረስታይ ዓቢ ግደ ኣሎዎ። ሓረስታይ ተኽላይ መልኣከ ድማ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ሓያል ስራሕ'ዩ ፈጺሙ። ሳላ ረሃጹ ዘንጠብጠበ ከኣ፡ ውጽኢታዊ ፍረ ክሓፍስ ክኢሉ ኣሎ። ንምዕቃብ ማይን ሓመድን ኣመልኪቱ ክገልጽ ከሎ ሓረስታይ ተኽላይ ከምዚ ይብል - “ሓመድን ማይን ንምዕቃብ፡ ክሳዕ ሕጂ ንኣስታት ዕስራ ዓመት ብጽንዓት'የ ዘካይዶ ዘለኹ። ጌና'ውን ኣይወዳእኩዎን። ነቲ ሓመድን ማይን ናይ ምዕቃብ መሰርሕ ብዝግባእ ዛዚመ፡ ደሓን ዝኾነ ምህርቲ ክሓፍስ ከኣ ኣብ ተስፋ እርከብ ኣለኹ።”

ዕብየት መምዘኒ ኣሎዎ። ካበይ ተበጊሱ፡ ኣበይ በጺሑን ናበይ ከምርሕን'ዩ ንዝብል ሕቶ ብምምላስ'ውን ግሉሕ ስእሊ ክህብ ይኽእል። ሓረስታይ ተኽላይ መልኣከ፡ ሓደ ካብ'ቶም ዓቢ ነገራዊ ጸጋ ሒዞም ዝተበገሱ ሓረስቶት ኣይነበረን። የግዳ፡ ንጹር ሕልሚ፡ ቅኑዕ ዕላማ፡ ምሉእ ተስፋ ሒዙ፡ “ክገብር'የ፡ ይኽእል'የ” ኢሉ ሳላ ዝተበገሰ፡ ጸገማቱ ክስዕሮም ኣይተጸገመን። “ክብገስ ከለኹ ብድንሽ፡ ኮመደረ፡ ሽጉርቲ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን'የ ጀሚረ። ብድሕሪኡ፡ ነቲ ካብ ግራት ዝረኸቦ ቀጠልያ ሳዕሪ ክትበልዓለይ ብምባል፡ ሓንቲ ላም ኣጥርየ። እታ ላም'ውን ተፋርያ ድሮ ኣሓ ክትከውን በቒዓ። እዚ ኹሉ፡ ካብ'ዚ ግራት ዝተበገሰ ዓወት'ዩ” ድሕሪ ምባል ከኣ፡ ኣብ ዝሓለፈ ነዊሕ ዓመታት ጉዕዞኡ፡ ብፍላይ ኣብ ኮመደረን ሽጉርትን ርቡሕ እቶት ከምዝረኸበ ይገልጽ። ንኣብነት፡ ካብ ግራቱ ካብ ሽጉርቲ ክሳብ 80 ኩንታል፡ ብተመሳሳሊ ኮመደረ'ውን ክሳብ 80 ኩንታል ዝሓፍሰሉ እዋን ከምዘሎ እዩ ዝሕብር። ነዚ ምህርቲ ሸይጡ ኸኣ፡ ዓቢ ሞተረ ማይ ገዚኡ።

ሓረስታይ ተኽላይ፡ ኣብ ምጅማሩ ይኹን ኣብ ጉዕዞኡ፡ ብድሆታት ኣይተፈለዩዎን። ዓቕሙን ልዕሊ ዓቕሙን ንዝነበሩ ሽግራት ግን ክብድሆም ክኢሉ እዩ። ተስፋ ስለዘይቑረጸሎም፡ ክበላሓትን ክሰርሕን'ዩ ክኢሉ። ውሑድ ካብ'ቲ ብዙሕ ዝገጥሞ ዝነበረ ብድሆታት'ውን





ሓረስታይ ተኽላይ መልኣከ

ብሽምዚ ይዝክሮ። “ኣብ ጉዕዞ ሂወት፡ ብድሆ ዘይተርፍ መስርሕ'ዩ። ኣብ ሕርሻ ድማ፡ እምኒ እንተ ፈንቀልካ፡ ብትሕቲኣ እምኒ'ያ ትጸንሓካ። ነዚ ኹሉ ከተደላድልን ከተጣጥሕን ዝወሰደልካ ግዜ ድማ መሊሱ ይምጠጥ። እቲ ከም ሓረስታይ ዝገጥመካ ዝኸበደ ዝብሎ ብድሆ ድማ፡ ንሕርሻ ዝኸውን መሬት ከተደላድል እንከለኻ፡ እምኒ ኣብ ልዕሊ እምኒ ተደራሪቡ ዝጸንሓካ ነገር'ዩ። ብወገነይ፡ እቲ መሬት ጥጡሕ ናይ ሕርሻ ቦታ ብዘይምንባሩ፡ ናብ'ዚ ሕጂ ዘለዎ መልክዕ ክቕይሮ፡ ብዙሕ ሃልክን ወጻኢታትን ሓቲቱኒ'ዩ። ኣብ መወዳእታ ግን፡ ንብድሆታተይ መድረኽ ብመድረኽ እናተዓወትኩሉ ስለ ዝመጻእኩ፡ ኣብ'ዚ ዘለኹዎ ደረጃ በጺሐ ኣለኹ።”

ምህብታም ትሕዝቶ መሬት ሓደ ካብ'ቲ ከቋርጽ ዘይግብኦ ዕማም ሓረስቶት'ዩ። ባህርያውነቱ ዓቂቡን ማዕቢሉን ክቕጽል'ውን ዝተፈላለየ ብልሓት ክጥቀሙ ይኽእሉ። ሓረስታይ ተኽላይ መልኣከ ብወገኑ፡ ንምዕቃብ ትሕዝቶ ሓመድ ብድኹዒ ብዕቱብ ከም ዝሰርሓሉ'ዩ ዝሕብር። “ቀድሚ ሕጂ፡ ነቲ ድኹዒ፡ ካብ ውሸጢ ዓዲ ብመካይን ተጻዒኑ'ዩ ናብ ግራት ዝውሰድ ነይሩ። ኮምፖስት ምስ ተጀመረ ግን፡ ነቲ ድኹዒ ኣብ ዘመናዊ ጉድጓድ ኢና ንምስርሖ። ካብኡ እናውጻእና ድማ፡ ነቲ ግራትና በብመጠኑን በብዓቕሙን እናደኻዕናዮ ንኸይድ። ስለዚ፡ ኣነ ነቲ ካብ ከብተይ ዝረኽቦ ድኹዒ ኮምፖስት ገይረ ምስ ኣዳለኹዎ፡ ሰዓት ብሰዓት፡ ግዜ ብግዜ እናሓለኹ ግራተይ እድኹዕ ኣለኹ። ኣብ ምህርተይ ድማ ጽቡቕ ውጽኢት እረኽበሉ ኣለኹ። ነቲ ዘመናዊ ወይ መዳበርያ ዝበሃል ድኹዒ ግና፡ ግራት መታን ከየበላሸወለይ ኣይጥቀመሉን'የ።” ይብል።

ሓረስታይ ተኽላይ መልኣከ፡ ትሕዝቶታት ማይ ንምህብታም፡ ኣብ ከትሪ ዓቢ ስራሕ'ዩ ዓሚሙ። ትሕተ ባይታዊ ማይ ከህብትምን ምህርቱ ከሰስንን'ውን ክኢሉ። ነዚ ኣመልኪቱ ክገልጽ ከሎ ድማ፡ “ኣብ'ቲ ፈለማ፡ ማይ ብሻኻን ብሓመድን እናኸተርኩ'የ ዝጥቀም ነይረ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ግን፡ ብውሸጣዊ ዓቕመይ ብሲሚንቶን ኰሬንኩሪትን ዝዓገትኩዎ ክሳብ ሰለስተ ሜትሮ ዕሙቖት ዘለዎ ዒላ ማይ'የ ዝጥቀም ዘለኹ። የግዳ፡ እዛ ዝሰራሕኩዋ ዒላ ትውሕደኒ ስለ ዝኾነት፡ ኣብ'ቲ እኹል ዝናብ ዝረኸብኩሉ፡ ነቲ ግራተይ ብምልኡ ከልምየ ከለኹ፡ ኣብ'ቲ ማይ ዝውሕደኒ ግዜ ድማ፡ ፍርቁ ኣልምየ” ብምባል፡ ቀረብ ማይ ኣብ ልምዓት ሕርሻ፡ ወሳኒ ምዃኑ የብርህ።

ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ን/ዞባ ዓዲተኬለዛን ኣቶ ተስፋልደት ገብረብርሃን፡ ሓረስታይ ተኽላይ መልኣከ፡ ከም ኣራንሺ፡ ዘይቱን፡ ጌሶ፡ ቡን፡ ዝተፈላለየ ኣሕምልትን ካልእን እናፍረየ፡ ኣድማዒ ዕማም የሰላስል ከምዘሎ'ዩ ዝምስክረሉ። ብዘይካ'ዚ፡ ንጸባ ከብቲ ዝኸውን ቀጠልያ መግቢ እናዳለወ፡ ጽቡቕ ጸባን ውጽኢት



ኣቶ ተስፋልደት ገብረብርሃን

ጸባን ክረክብ ከም ዝሕግዞ ይገልጽ። ሸሞንተ ዝኣክል ቆፎ ንህቢ ስለ ዘሎዎ፡ ካብኡ መዓር እናረኸበ ስድራቤቱ ከም ዝምግብን ተወሳኺ ረብሓታት ከም ዘለዎ፣ ብውሑድ ዓቐን ደርሁ እናፋረየ'ውን እንቋቑሖን ካልእን ከምዝረክብ ይምስክረሉ። ብዘይካ'ዚ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ግራቱ ከም ስርናይ፡ ሰገምን ድንሽ ዝኣመሰሉ ምሩጻት ዘራእቲ እናባዝሐ ንሓረስቶት ከምዝዕድል ይሕብር።

ኣብነታዊ ሓረስታይ ኣቶ ተኽላይ መልኣከ ብወገኑ፡ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ንኡስ ዞባኡ፡ ብዛዕባ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብቐጻሊ ምኽርን ሓሳባትን ከምዝህብዎ፣ ናይ ፍረታት ገረብ'ውን መዓስን ብኸመይ ኣገባብ ከምዝትትከሉ ከምዝሕብርዎ ይገልጽ። ብሚኒስትሪ ሕርሻ ተመሪሑ ስለ ዝኸይድ ከኣ፡ ንሕርሻኡ፡ ዝምስገን እቶትን ውጽኢትን ይረኽበሉ ከምዘሎ የረድእ።

ሓረስታይ ተኽላይ መልኣከ'ውን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕ ኣብ ሓያል ጻዕሪ ይርከብ። ሳላ'ዚ ሕርሻ፡ መነባብሮኡ ክልውጥን ደቁ ኣምሂሩ ኣብ ዝብጻሕ ኩብጽሕን ከም ዝኸኣለ፣ መንበሪ ቤት ክሃንጽን ንማሉ ዝኸውን ቦታ ኩዳሉን ከምኡ'ውን ንሕርሻዊ ንጥፈታት ዝገድሶ ነገራት ክዓጥቕ ከምዝበቕዐ'ውን ይሕብር።

ፍናን ተኽለ





ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

# ንቐሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ፍቕራዊ ስሕበት

### ብምርጫና ዲና እነፍቅር?



ፍቕሪ ዝብል ቃል ንብርክት ዝበለ ኵነት ንምግላጽ ንጥቀመሉ ኢና። ኣዚና ንእንፈትዎ መግቢ ዘሎና ህርፋን፡ ኣደ ንደቃ ዘሎዋ ስምዒት፡ ንሃገርና ዘሎና ስምዒት፡ ኣብ ኣንጻር ጾታ ክፍጠር ዝኽእል ስሕበትን ዝምድናን፡ ወዘተ። ፍቕሪ፡ ብብዙሕ መዳያት ተተርጒሙን ተተንቲኑን እዩ። እቲ ኣብ መንጎ ኣንጻር ጾታ ዝዓቢ ፍቕሪ፡ ብርቱዕ እወታዊ ስምዒትን ዘይወላወል ኵነተ-ኣእምሮን ኮይኑ፡ ካብ ንእሽተይ ናይ ደስታ ስምዒት ክሳብ ዝዓመቔ ናይ ክልተ ሰባት ስሕበት ከካትት ይኽእል። ዳርጋ ኩሉ ትርጉምን ትንተናን ፍቕሪ፡ ፍቕሪ እወታዊ፡ ዘይተጓእን ኣሕባርን ምዃኑ የረድእ። ግዳ ኣታሕዛ እንተ ኸኢልናሉ ማለት እዩ። ንፍቕሪ ኣተሕዛ ከነጸብቐሉ እንተ ኼንና፡ እቲ ብዛዕብኡ ዝተገጥመን ዝተደርፈን ምስማዕ ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ኪንዮ'ቲ ንፍቕሪ ከተፍቅሮ ዘደፋፍእ ናይ ዝተፈላለየ ወገናት ትርጉምን ትንተናን፡ ንፍቕሪ ሳይንሳዊ መግለጺ ኣለዎ ዶ? ፍቕሪ ካበይ ይብገስ? ሰብ ጥራይ ድዩ ከፍቅር ዓቕሚ ዘሎዎ? ፍቕራዊ ስምዒታ ካብ ካልእ ዓይነት ስምዒታት እንታይ ይፈልዮ? ፍቕሪ ይውዳእ ድዩ?... ዝብሉ ሕቶታት ምምላስ ሚዛናዊ ትርጉም ክህልወና ክሕግዝ ይኽእል።

ከነፍቅር ናይ ምኽኣል ብቕዓት ብተፈጥሮ'ዩ ተዓዲሉና። ንመን ነፍቅር? ንዝብል ሕቶ ንምምላስ ግን ጽልዋ ከባቢ ኣብ ግምት ከነእቱ ከም ዘሎና፡ ሳይንሳዊ መጽናዕትታት ይሕበር። ፍቕራዊ ስሕበት ከምቲ ንዝበዛሕና ሰባት ዝመስለና ምሉእ ብምሉእ ኣብ ድላይ ናይቲ ኣፍቃሪ ጥራይ ዝተሓዝአ ኣይኮነን። ብርክት ዝበለ ደጋዊ ረቛሒታት፡ ነቲ ከነፍቅርን ክንስሓብን ዝገብር መለከዒታት ኣብ ምጽላው ዓቢ እጃም ኣሎዎ። ንመን ነፍቅር ክጸሉ ዝኽእል ቀዳማይ ረቛሒ፡ 'ቀረባነት' እዩ። እዚ ማለት ኣብ ከባቢና ወይ ብቐረባ ክንረኽቦ እንኽእል ሰብ ከነፍቅር ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎ ማለት'ዩ። ኣብ ሓደ ዩኒቨርሲቲ፡ ን300 ተመሃሮ፡ ኣስማት ናይ ቀረባ ዓርከ-መሓዝኦም ክጽሕፉ ተሓበሩ። እቶም ተመሃሮ ኣስማት ናይ ቀረባ ዓርከ-መሓዛኦም ምስ ዘርዘሩ፡ ናይቶም ዝዘርዘርዎም ዓርከ-መሓዛ መደቀሲ ክፍሊ ኣበይ ምዃኑ ተሓተቱ። 41% ካብ ዝዘርዘርዎም ዓርከ-መሓዛ ኣብ ጥቃ መደቀሲኦም ዝርከብ ክፍሊ ዝድቅሱ ኮይኖም ጸንሑ። ኣብቲ መጽናዕቲ፡ ርሕቀት መደቀሲ ናይ መማህርቶም እንክውሰኽ፡ ዝምድና ናይ ምፍጣር ዕድል ብ10% ክጒድል ተራእየ። ስለዚ፡ ብኣካል ምቅርራብ፡ ዝምድና ንምምስራት ዝሓሸ ዕድል ከም ዝፈጥር ደምደሙ።

እቲ ካልኣይ ረቛሒ፡ ተመሳሳልነት እዩ። ምዕራባውያን፡ ካብ ሕጊ ፊዚክስ ተበጊሶም ኣንጻር ወገን ከም ዝሰሓሓብ እዮም ዝገልጹ። እንተ ኾነ መጽናዕታት፡ ምስቲ ወለድና 'ሰብኣይን ሰበይትን ካብ ሓደ መሬት ይፍጠሩ' ኢሎም ዝመሰልዎ ዝቀራረብ ሓበሬታ እዩ ዘሎዎ። ተመሳሳልነት፡ ሰሓቢ ሓይሊ ከም ዘሎዎ ንምግማቱ ዘጸግም ኣይመስለንን። ምኽንያቱ፡ ኣብ ፍቕሪ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዝኾነ ኵነት፡ ዝሰማማዓና እምበር ዝጻረረና ኣይስሕበናን እዩ። ፍቕሪ ካብ ካልእ ዓይነት ስምዒት ዝፈልዮ፡ ናይ ምስሓብ ሓይሊ ስለ ዘሎዎ እዩ። ንኣብነት፡ ንሓደ ሰብ ትሓልየሉ እንተ ኼንካ፡ ዘድልዮ ሓገዝ ጌርካ ካብኡ ክትፍለ ጸገም የብሉን። ምስ እተፍቅሮ ሰብ፡ እንስሳ፡ ሞያ... ንሓጺር ይኹን ነዊሕ ግዜ ክትፈላለ ግን ከቢድ ይገብሮ። ፍቕሪ ካብ ካልእ ስምዒታት ዝፈልዮ ነጥብታት ዋላ'ኳ ይሃልዎ፡ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ስምዒታት ብደጋዊ ጽልዋ ይጽሎ እዩ። ኣተዓባብያና፡ ባህልናን ልምድናን ኣብ ፍቕራዊ ምርጫና ዝዓበየ ጽልዋ ክገብሩ ካብ ዝኽእሉ ሓይልታት እዮም። ፍቕራዊ ስሕበት ካብ ክልተ ድርኺታት ክብገስ ይኽእል። እቲ ቀዳማይ ደጋዊ ትርኢት ኮይኑ፣ እቲ ካልኣይ ከኣ ውሽጣዊ ጽባቐ እዩ። ባህልን ልምድን ሕብረተሰብ ንውሽጣዊ ጽባቐ ከም ዝጸሉ ኩልና ንረዳዳኣሉ እዩ። እንተ ኾነ፡ ንደጋዊ ትርኢት ሚዛን ኣብ ምሃብ'ውን ጽልዋ ኣለዎ። ንኣብነት ኣብ ምዕራባዊ ባህሊ ቀጣን ኣካል ከም ስሓቢት ትሕሰብ። ኣብ ደቡባውን ምዕራባውን ሸነኽ ኣፍሪቃ ኣብ ዝርከብ ህዝብታት ከኣ ብኣንጻሩ ገዛፍ ኣካል ከም ስሓቢት ትሕሰብ።

ሓደ ሰብ ብደጋዊ ትርኢቱ ኰነ ውሽጣዊ ጽባቐኡ ክስሕበና እንተ ኾይኑ፡ ምስ ባህልን ልምድን ሕብረተሰብና ዝቃዶ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ 'ሓፋር ኣካል' ከም ስሓቢት ኣካል ትነኣድ እንተ ኾይና፡ ነቲ ብሰንኪ ምሕፋራ ዝጒድል ናይ ምብህሃል ክእለት ጒሲና፡ ኣብቲ ብብዝሒ ዝሰማዕናዮ እወታዊ መግለጺ ሕፈረት ጥራይ ብምትኳር ክንስሓብ ንኽእል። ኣብ ፍቕራዊ ምርጫ ዝፍጸም ጌጋታት፡ ብ'ፍቕሪ ዕዉር'ዩ' እናተመሰለ ሽለል ተባሂሉ ይሕለፍ እዩ። እቲ ሓቂ ግን ኣእምሮና ብተደጋጋሚ መግለጽን ሕግታትን ፍቕሪ ስለ ዝላሸው'ዩ ጌጋ ዝፍጸም። ፍቓራዊ ምርጫ፡ ብዕድመ፡ ብስለት ኣእምሮ፡ ደረጃ ትምህርቲ፡ ተመኵሮ ህይወት፡ ቊጠባ፡ ሜድያን ካልእን ይጽሎ እዩ። ቀልብና ንመን የፍቅር እንተ ዘይመረጸ፡ ትሕተ-ንቑሕ ኣእምሮና ግን ብርግጽ ንመን ነፍቅር ይመርጸልና እዩ። ፍቕሪ ካብ ቊጽጽርና ወጻኢ ኮይኑ ዝስምዓና ውሑዳት ኣይኮናን። ምኽንያቱ ምስ ኣፍቀርና፡ ብስምዒት ስለ እንውሰን። ናይ ፍቕሪ ስምዒት ድዩ ሓያል ኮይኑ ወይ ስምዒታት ናይ ምምሕዳር ክእለትና እዩ ደኺሙ? ካልእ ክፍተሽ ዝግብኦ ነጥቢ እዩ።

***

## ጽልዋ ደጋዊ ትርኢት ኣብ ፍቕራዊ ዝምድና

"መጽሓፍ ብገበሩ ርኢኻ ኣይትፍረድ" ዝብል ፍሉጥ ምሳላ ኣሎ። ኮይኑ ግን፡ መጽሓፍ ብገበሩ ርኢና ንፈርድ ኢና። እዚ ኣገባብ፡ ኣብ መጽሓፍ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ሰብ'ውን ንጥቀመሉ ኢና። "ዓይኒ እንታይ ድራራ" ዝብል ኣበሃህላ፡ ንደጋዊ ትርኢት ዋጋ ከም እንህብ የረድእ። ደጋዊ ትርኢ፡ ንኹሉ'ኳ እንተ ዘይብልና፡ ንገለ ውሳነታትና ክጸሉ ይርአ እዩ። 'ምልክዐኛ' ዝበሃል ሰብ ከመይ ዝበለ ሰብ እዩ? ዝብል ሕቶ ኣካታዒ ይኹን እምበር፡ ብደጋዊ ትርኢት ክንማረኽ ተፈጥሮኣዊ መሰረት ኣለዎ። ኣብ መንጎ ኣንጻር ጾታ ደጋዊ ትርኢት ዝደረኾ ስሕበት ክህሉ ዝገብር፡ ባይሎጂያዊ ተፈጥሮና እዩ። ይኹን እምበር ኩሉ ምርጫታትና ኣብ ባይሎጂያዊ ተፈጥሮና ተመርኲስና ኣይንወስዶን ኢና። በዚ መልክዕ ከኣ ኢና ካብ እንስሳ እንፍለ። ጐድኒ ጐድኒ ደጋዊ ስሓብነት፡ ውሽጣዊ ጽባቐ ዘሎዎ ሰብ ነናዲ። ክልቲኡ ጽባቐ ዘሎዎ እንተ ረኺብና ኣይንጸልእን። እቲ ብድሆ ግን ሓደ ጥራይ ምስ እንረክብ እዩ።

ኣብ ገለ ዘረባ፡ "ምልክዕቲ ኣይኮነትን ግን ጨው ድፍድፍ እያ" ክበሃል ንሰምዕ ኢና። ጨው ኣለዋ እንብሎ ሰብ፡ ሰሓቢ ምዃኑ ክትግምቶ ኣየጸግምን። እንተ ኾነ፡ ብኸመይ ንልክዖ ንጹር ኣይኮነን። ቈማት ሰብ ሰሓቢ እዩ ዝብል ሓፈሻዊ መለክዒ ኣሎ። ማእከላይ ቊመት ዘለዋ ሰበይቲ ንኻብኣ ዝቝምት ሰብኣይ ሰሓቢ ክትብሎ ዘሎ ተኽእሎ ልዑል እዩ። ማእከላይ ቊመት ዘሎዎ ሰብኣይ፡ ንኻብኡ እትቕምት ሰበይቲ ሰሓቢት ኢሉ ዶ ይሓስባ? ስለዚ፡ ንደጋዊ ትርኢት ዘወሃብ መለክዒ ኣሕፊሽና ክንዛረበሉ ኣጸጋሚ ይገብሮ። ደጋዊ ትርኢት ድዩ ንሰብ ከተፍቅር ዝጸሉ ወይስ ምስ ኣፈቀርካ'ዩ ዘፈቀርካዮ ሰብ ምልኩዕ ኮይኑ ዝረኣየካ? ዝብል ሕቶ'ውን ኣካታዒ እዩ። ንኣብነት ኣደ ኩሎም ደቃ ስለ እተፍቅሮም፡ ኩሎም ምልኩዓት ኮይኖም ይስምዑዋ። ከምዚ ከማይ ከኣ፡ ኩሉ ዝጸልኦ ሰብ ክፉእ ኮይኑ ክረኣዮ ይኽእል። ብዙሓት ኣዋልድ ዝጥምቱ ዝነበሩ ምስ ኣፍቀሩ፡ ኣይኮነን መልክዕ ናይ ካልእ ጓል ከድንቑ፡ ኣብ ጥቕኦም ጓል ከም ዘላ'ውን ከም ዘየስተብህሉ ይንገር እዩ። ስለዚ ደጋዊ ትርኢት ኣካል ናይ መምርጺ ረቛሒ እምበር፡ ንበይኑ ጥራይ ንፍቕሪ ክሃንጽ ከም ዘይክእል ይበርሃልካ።



ፍቕራዊ ሰሓብነት ናብ ፍቕራዊ ዝምድና ክሰጋገር እንተ ኾይኑ፡ ብርክት ዝበለ ተወሳኺ ድርኺታት ክህሉ ኣገዳሲ እዩ። ሓደ ሰብ ብዝተፈላለየ መገዲ ክስሕበና ይኽእል። ምስ ኩሉ ዝሰሓበና ሰብ ፍቕራዊ ዝምድና ንምስርት ማለት ግን ኣይኮነን። ደጋዊ ትርኢት፡ ሓደ ረቛሒ ንስሕበት እዩ። መጽናዕቲ ከም ዝሕበሮ ግን ደጋዊ ትርኢት ብርእሰ-ተኣማንነት እንተ ዘይተሰንዩ፡ ትሑት ጽልዋ እዩ ዘሎዎ። እቶም ብደጋዊ ትርኢቶም ዝስሕቡና ሰባት፡ ብዛዕባ ደጋዊ ጽባቐኦም እወታዊ ኣረኣእያ እንተ ዘይብሎም ሰሓብቲ ኮይኖም ኣይረኣዩና እዮም። ወይ'ውን ብደጋዊ ትርኢቶም ተሳሒብና ጸኒሕና ትሑት ርእሰ-ምትእምማን ከም ዘሎዎም ምስ ፈለጥና ንእለታ ስሓብነቶም ይንኪ። ብኣንጻሩ ኸኣ ልዑል ርእሰ-ክብርን ተኣማማንነት ዘሎዎም ሰባት ዋላ ማእከላይ ደጋዊ ትርኢት ይሃልዎም፡ ካብቶም ኣዝዮ ልዑል ደጋዊ ጽባቐ ዘሎዎም ሰሓብቲ ምዃኖም ይግለጽ። ኣብ ዝበዝሐ ዕላል፡ ፍቕራዊ ዝምድና ክንምስርት እንተ ደሊና፡ ካብ ደጋዊ ትርኢት ዝያዳ ኣብ ውሽጣዊ ማለት፤ ባህርያት፡ ክእለታት፡ መትከላት... ከነድህብ ከም ዘለና ንሰምዕ ኢና። ነባሪ ፍቕራዊ ዝምድና ክንምስርት፡ ነቲ ነባሪ ዝኾነ ውሽጣዊ ጽባቐ ቀዳምነት ክንህብ ከም ዘለና ርዱእ እዩ። ይኹን እምበር፡ ውሽጣዊ ጽባቐና ንደጋዊ ትርኢትና ከም ዝጸሉ ምርዳእ'ውን ኣገዳሲ ይመስለኒ። 'ፍሽኽታኣ ክጽብቕ' እምበር 'ኣባኽያኡ ክፍተወካ' ክበሃል ሰሚዐ ኣይፈልጥን እየ። ዝጸበቕና ጸቢቕና ኩሉ ግዜ ጨቕጫቓታት፡ ሶጒዳማትን መዝመዝትን እንተ ኼንና ሰሓብቲ ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና። ብላዕሊ ጽሩይ ኣብ ታሕቲ ግን ዝግ ዝበለ ረስሓት ዘሎዎ ማይ ንምስሊ ማይ ይድውኖ እዩ። ኣብ ውሽጢ ተሓቢኡ ዝጸንሕ ባህርያት'ውን ንደጋዊ ጽባቐና ወሳኒ ተራ ኣለዎ'ሞ ውሽጣና ደኣ ነጸብቕ። ብደጋዊ ትርኢትናስ ንኹሉ ዘፍቅረና ዝመልካዕና ኢና።


# ካብዝን ካብትን

ማርታ ክብሮም

## ካብ ፍሉጣት መራሕቲ

1. “ኣካል ናይቲ ኣብ ዓለም ክትርእዮ እትደሊ ለውጢ ኩን።” - **ማሃተማ ጋንዲ**

‘ኣቦ ሃገረ ህንዲ’ ብዝብል ቅጽል ስም ዝፍለጥ ሞሃንዳስ ጋንዲ ኣብ 1869 ኣብ ህንዲ ተወሊዱ። ንሱ ንሃገሩ ካብ መግዛእቲ ብሪጣንያ ሓራ ከውጽኣ ክኢሉ እዩ። ጋንዲ ዝኸተሎ ዝበረ ሰላማዊ ምንቅስቓስ ንናጽነት ብዘበዝሐ ክፋል ዓለም ክረዓም ክኢሉ እዩ። ጋንዲ



ብቐሊል ኣገባብ መነባብሮኻ ምምራሕን ምስ ተፈጥሮ ተሳኺካ ምንባርን ኣብ ዝብሉ ኣምራት ይኣምን ነበረ። ኩሉ ህይወቱ ሰባት ብኸመይ ብሰላማዊ መገዲ ጉዳዮም ክፈትሑ ከም ዘለዎም ኣብ ምምሃርን ምምጋርን እዩ ኣሕሊፍዎ። ሰላማዊ ኣካይዳ ጋንዲ ኣቓልቦ ዓለም ስለ ዝሰሓበ፡ ብዙሓት ሃገራት ንናጽነት ህንዲ ክድግፉ ጀመሩ። እዚ ናይ ጋንዲ ስልቲ ንብዙሓት ሰባት ብዘይ ጎድኢ ፍልልያቶም ንኽፈትሑ ኣርኣያ ክኸውኖም ክኢሉ እዩ።

2. “ትምህርቲ ዓለም ንኽትቕይር ዘኽእል ዝሓየለ ኣጽዋር እዩ።” - **ነልሰን ማንደላ።**

ነልሰን ማንደላ ኣብ 1918 ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ተወሊዱ። ቀዳማይ ጸሊም መራሒ ደቡብ ኣፍሪቃ እዩ። ማንደላ ንስርዓት ኣፓርታይድ ብምቅዋሙ ን27 ዓመታት ኣብ ተሓዩሩ። ካብ ማእሰርቲ ድሕሪ ምውጽኡ ኣብ 1993 ሽልማት ኖቤል ሰላም ተዓደለ። ማንደላ ሓደ ካብቶም ብዝለዓለ ደረጃ ኣንጻር ዓሌታዊ ኣድልዎ ዝተቓለሰ እዩ። ወላ’ኳ ንሰለስተ ዕቑድ እንተ ተኣስረ፡ ናይ ይቕረታን ምሕረትን መንፈስ ሐዚኡ እዩ ወጺኡ። መራሒ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ዓሌትነት፡ ድኽነትን ዘይምዕሩይነትን ብምውጋድ ንዓሌታዊ ስርዓት ኣፓርታይድ ክስዕሮ ክኢሉ። ተወፋይነት፡ ሰላምን ደሞክራሲን ዝመልኦ መራሕነት ማንደላ ኣብ መላእ ዓለም ህቡብን ተፈታውን ክኸውን ኣኽኢልዎ እዩ።

3. “ሓገዝስን ሞራላዊ ግቡእን ክፈላለዩ ዘይክእሉን ንሓድሕዶም ዝተሓሓዙን እዮም።” - **ጆርጅ ዋሺንግቶን።**

‘ኣቦ ኣመሪካ’ ብዝብል ቅጽል ስም ዝፍለጥ ጆርጅ ዋሺንግቶን ኣብ 1732 ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተወሊዱ። ንሱ ንገለ ክኸውን ብምእባይ ደሞክራሲ ዘለዋ ሃገር ብምቛም ቀዳማይ መራሒ ሃገረ ኣመሪካ ኮይኑ። ወተሃደራቱ ብምምራሕ ኣብ ልዕሊ ግዝኣት ብሪጣንያ ክዕወት ክኢሉ ነበረ። ዋሽንግቶን ነዚ ሓድሽ መንግስቲ ዝኸውን ብዙሕ መምርሒታት ድሕሪ ምውጻኡ፡ ኣብ ታሪኽ ኣመሪካ ክሳብ ሎሚ ብፍሉይ ክዝከር ዝኽእል እዩ።



4. “ዓወት ናይ መወዳእታ ኣይኮነን፡ ፍሽለት ቀታሊ ኣይኮነን፡ ክልቲኦም መሊስካ ንኽትቕጽልን ክትፍትንን ዘተባብዑ እዮም።” - **ዊንስተን ቸርቺል።**

ዊንስተን ቸርቺል ኣብ 1874 ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ተወሊዱ። ኣብ ግዜ ካልኣይ ኩናት ዓለም ቀዳማይ ሚኒስተር ሃገሩ ኮይኑ ነበረ። ንሱ ስርዓት ናዚ ጀርመን ክስዓር ዓቢ ተራ ዝተጻወተ እዩ። ኣብ 1953፡ ብዓውዲ ስነ ጽሑፍ ንሽልማት ኖቤል ክዕወተሉ ኰኣሉ።

5. **ክልዮፓትራ** ሻውዐይቲ ኣብ 69 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ተወሊዳ። ንሳ ናይ መወዳእታ መራሒት ናይ ቶለምያዊ ንግስነት እያ። ክልዮፓትራ ፍሉይ መልክዕ፡ ብልሕን ፖለቲካዊ ብቕዓትን ዝነበራ ፈርኦን እያ። ኣብ ዝተፈላለዩ ግዜ፡ ምስ ጁልየስ ቄሳርን ማርክ ኣንቶኒን ፍቕራዊ ዝምድና መስሪታ ነበረት። ምስ ሓያላት ሮማውያን መራሕቲ ጽቡቕ ዝምድና ብምምስራት ንሃገራ ካብ ብዙሕ ክመጽእ ዝኽእል መቕዘፍቲታት ክትከላኸለላ ክኢላ እያ። ክልዮፓትራ ናብ ስልጣን ምስ መጸት፡ ኣቦታ ሃገር ዓብሊሉ ዝበረ ባህሊ ግሪኽ ከተወግዶ ክኢላ እያ። ኣብ 30 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ሮማውያን ንሃገራ ምስ ተቘጻጸሩዋ ነፍሰ ቅትለት ፈጺማ።

## ግዜ

ግዜ ንቕድሚት እምበር ንድሕሪት ኣይምለስን። ክሳዕ ሕጂ ብኸንቱ ዘሕለፍካዮ ግዜ እንተሎ፡ ኑቲ ዝሓለፈካ ጥራይ እናስተንተንካ ኣይትንበር። ኣብ ምሕዛንካ ተጥፍኡ ግዜ ትኸስሮ ኣለኻ እሞ፡ ንቕድሚት ጠምት እምበር ደው ኣይትበል ወይ ንድሕሪት ቁሊሕ ኣይትበል። ግዜን ውሕጅን ሓደ እዮም። ንቕድሚት ጥራይ እዮም ዝግስግሱ።

ስለምንታይ ኢና ኣብ ኣገዳሲ ዘገድሰና ወይ ዘርብሓና ጥራይ ቅድሚ ሰዓትና ወይ ኣብ ሰዓትና ንርከብ፡ ብኣንጻሩ ካብና ዝሕተት፡ ወይ ከምግልኣ ዝግባእ እንተኾይኑ ንኣብነት ከም መዓልታዊ ስራሕና ኣብ ምእታውን ምውጻእን ኣብ ህዝባዊ ኣኼባታትን ቈጻራታትን እንደንጉይ? እቲ ጸገም ግዜ ስለዝሓጽረና ወይ ኣመና ብስራሕ ስለዝተጸመድና ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ዘሎና ግዜ ብኸመይ ከመሓድሮ ከምዘለና ዘይምፍላጥ እዩ። ንግዜ ንድሕሪት ክንመልሶ ስለ ዘይክኣል፡ እናሓለፈ ከሎ ክንጥቀመሉን ክንቈጻጸሮን ይግባእ።

ሓደ ካብ ብዙሓት መዐቀኒታት ዓወት ግቡእ ኣጠቓቕማ ግዜ እዩ። ዝኾነ ሰብ ኣብ ህይወቱ ሕገኡ፡ ብኹሉ ናብራኡ ዕወትን ዕጉብን ዝኾውን ብዝገብኦ ትርጉም ግዜ ምስ ዝርድኦ እዩ። እዚም ዝተጠቕሱ ናይ ምንባር ዕላማታት ህይወት ዝሉበሱ ግና፡ ንግዜና ብግቡእ ምስ እንጥቀመሉ እዩ። ስለዚ ምሕደራ ግዜ ኣብ ውልቃውን ማሕበራውን ህይወትና ዕዙዝ ኣገዳስነት ኣለዎ።

ግዜ ከም ፕላስቲክ ተመጣጢ ኣይኮነን። ሎሚ ዝሓለፈት ደቒቕ፡ ሰዓት፡ እተዓዝረት መዓልቲ ጸባሕ ተመሊሶና ክንረኽብ ኣይንኽእልን ኢና። ሎሚ ኣገዳሲነታን ትርጉማን ኣብ ሎሚ ጥራይ ዝተሓጽረ እዩ። ጸባሕ ናይ ገዛእ ርእሳ ዕድላትን ብድሆታትን ዝሓዘለት ካልእ ናጻን ሓላፊትን መዓልቲ እያ።

ኣብ ህይወት ደቂ ሰብ - ትማልን ሎምን፡ ሎምን ጸባሕን ንሓድሕደን እናተሓናገራ፡ እናተጸላለዋን ዕምሪ ሰባት እናጸረራ፡ መኸሰቡን ክሳራኡን ዝሕብራ ኣካል መዋእል እየን። ስለዚ ጸባሕ ክንገብሮ ኢልና እንሓስቦ ኣብ ሎሚ ኩይኝና ብምጅማር ውሕስነቱ ነደልድሎ።



## ምስ ነብስኻ ብሰኒት ንኽትጉዓዝ

1. ናብ ዝኾነ ውሳነ ቅድሚ ምብጻሕካ መጀመርታ ስምዒትካ ብዝግባእ ኣጸንዕን መርምርን። ብሕማቕ ስምዒት ንእትገብሮ ነገር ካብኡ ከም ዝተማህርካ ገይርካ ነብስኻ ቀጽር።

ጆርዳን ፒከል ዝተባህለ ክኢላ ስነ ልቦና፡ ሰብ ጌጋ እንተ ገይሩ ጌጋኡ ዓው ኢሉ ብምዝራብን ካብኡ እንታይ ከም ዝተማሃረን ብምግላጽ ምስ ሕሉፍ ህይወቱ ክዕረቕ ከም ዘኽእል ይገልጽ። ከምዚ ምግባር ንሕማቕ ስምዒት ኣብ ምእላይ እውታዊ ተራ ከም ዝጻወት እውን የረድእ።

2. ንነብስኻ ይቕረ ክትብል ኣብ ዘይትኽእለሉ ደረጃ ምስ እትበጽሕ ክብደቱ ክርድኣካ፡ ሓንቲ ማይ ዝመልአት ጃሎን ካብ ኢድካ ከይፈለኻ ተገዓዝ፡ ጃሎን ኣብ ኢድካ ክሳብ ዝጸለወት እተን ማይ ከይተፀዎሮኻ፡ ጃሎን ከይሰረቕካ ኩታስ ኩሉ ሓሳብካ ብዝዕባኣ እዩ። ስለዚ ካልእ ዝኾነ ሓሳብ ኣብ እእምሮኻ ኣይህሉን። ምስ ነብስኻ ምስ እትበኣስ እሞ ከኣ ይቕረ ምባል ምስ ዘይትኽእልን ልክዕ ከምኡ እዩ።

3. ንነብስኻ በዒልያ እትብሎ ነጥብታት ኣብ ደብተር ጽሓፎ ከምኡ’ውን ብልጫታትካን ትመልከም ክእለታትን። እወታዊ ነገራት ምጽሓፍ፡ ብዛዕባ ነብስኻ ሕማቕ ኣብ ዝሰምዓካ ግዜ ርእሰ ምትእምማንካ ክብ ብምባል ምስ ነብስኻ ንኽትዕረቕ ሓጋዚ እዩ።

ይቕረ ዘይምባል፡ ንህይወትካ ክብደት ፈጢሩ፡ ንሰላምካን ሓጎስካን መንጠሊ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ሎሚ ኣብ ትማሊ ከም እትነብር ዝገብር እዩ። ጌጋታትን በደላትን እምበኣር፡ ኣካል ተመክሮታት ህይወት ኩይኖም ብዓቕሊ ትፅግስትን ዝፍትሑ እዮም። ስለዚ ንነብስና ‘ይቕረ’ ምባል ልምደና ይኹን።

## ዓይነታት ፍቕሪ

• **ኢሮስ፦** ብዓይነ ፍቕሪ ዝግለጽ ፍትወት ወይ ትምኒት እዩ። ሓቀኛ ፍቕሪ ዘይኮነ ኣብ መንጎ ኣንጻር ጾታ ዘሎ ኩይኑ፡ ኩሉ ግዜ ሓደ ጾታ ካብ ኣንጻር ጾታ ዝረብሓሉ (ጥቕሚ) ነገር ዝደሊ እዩ። የጕዳስ ካብ ልቢ ዝቕለ ፍቕሪ ኣይኮነን። ኣብ ሕብረተሰብና ‘ናይ ዓይኒ ፍቕሪ’ እናተባህለ እዩ ዝጽዋዕ። ኢሮስ ብናይ ልሳን ማለት ብልሰሰ ዘረባ ዝግበር እዩ። ስለዚ ኣብ ረብሓ ዝተኸረ እምበር ኣብ ሓልዮትን ቅንዕናን ዝተመስረተ ኣይኮነን። መወዳእትኡ ከኣ ናብ ባእስን ምብትታንን የምርሕ። ከም ወጽኢቱ መንእሰያት ንሳዕቤናቱ ካብ ምርዳእ ርሒቖም ኣብ ዘይወጽእዎ ጭንቀት ክኣትዉ ንርኢ ኣለና። ኢሮስ ኣብ መጀመርታ 1940ታት ኣብ ኣመሪካ እዩ ጀሚሩ፡ ኣብ ፍትወት እምበር ኣብ ፍቕሪ ዝተመርኮሰ ኣይነበረን። ቀጺሉ ኣብ ኣፍሪቃን ኤውሮጳን ክተኣታቶ ግዜ ኣይወሰደን።

• **ፊልዮ፦** እዚ ዓይነት ፍቕሪ ንስድራኻ፡ ኣዕሩኽትኻ (ተመሳሳሊ ጾታ) ወይ መሓዙትካ እተፍቅሮም ፍቕሪ እዩ። ምሓብን ምውሳድን ከኣ የጠቓልል።

• **ኣጋፔ፦** እቲ ቕኑዕ ሓቀኛ ሰብኣዊ ዓይነት ፍቕሪ ኮይኑ፡ ዝልግስ እምበር ዘይወሰድ ፍቕሪ እዩ። ሓደ ኣቦ ኣብ መንጎ ፍትወትን ፍቕርን ዘሎ ፍልልይ ክገልጽ ከሎ፡ “ፍቕሪ ኩሉ ግዜ ለጋስ እያ። ፍትወት ግዳ ተቐባሊት እያ” ኢሉ። ሎሚ ንብዙሓት ሕቶ ኮይኑ ዘሎ ‘ሓቀኛ ፍቕሪ ብኸመይ ይፍለጥ’ ዝብል እዩ። ኣጋፔ (ሓቀኛ ፍቕሪ) ኣብ ምሃብ እምበር ኣብ ምቕባል ዘይኣምን፡ ኣብ ምትሕልላይን ምትሕግጋዝን ዝተመርኮሰ እዩ።

## ንልቦና

• ልብና ኑቲ ክንብሎ ዘይንኽእል ኢያ ትሓብኦ፣ ብኣንጻሩ ኣዒንትና ግን ኑቲ ክንሓብኦ እንፍትን እየን ዝዋግራ።

• ብርግጽ ደረስቲ ህይወትና ባዕልና ኢና። እንተኾነ ብጢር ስለ እንዝጽሕፍ ጌጋታትና ክንደምስሶም ዝኽእለና ኣይኮነን።

• ንዝሓለፉ ንብዓትናን ብኽያትናን እንሕስቀሎም እዋናት ከም ዝመጽኡ ኣጸቢቕና ንፈልጥ ኢና። ንዝሰሓቕናዮም ሰሓቓትን ዝሓለፍናዮም ሓጎስን እንዝክሮም ግዜያት ክመጽኡ እዮም ኢልና ግን ፍጹም ሓሲብናዮ ኣይንፈልጥን።

• ልቢ ንዓይኒ ብዙሕ ኣይትርእዩ ምኽንያቱ ብዙሕ ስለ እተሳቕያ ትብሎ። ዓይኒ ከኣ ንልቢ፡ ብዙሕ ስምዒታዊት ኣይትኹኒ ምኽንያቱ ኣብ ስምዒት ኣቲኺ ከም ዝሰበሰ ስለ እትጉብርኒ ክትብል ኢያ እትምልሶ።

• ኣብ ህይወት ንምትግባርን ዝኸበዱና ሰለስተ ነገራት - መዓስ ካብ ክንርሕቆም ዝግብኦና ነገራት ንርሕቕ፡ ካብዮናይ ነገራት ንርሕቖን ብኸመይ ንርሕቖን እየን።

• ዝተሰብረ ኣኽናፍ ፍጹም ኣይጠቕማ እየን ማለት ኣይኮነን። እንተ ውሓደ ንዝፍር ምንባርናውን ክሕብራናን ከዘኻኽራናን ይኽእላ እየን።

• ብዙሓት ሰባት በይንና ክንእዩና እንከለው፡ ብጽሞና ተዋሒጥና ዘለና ክመስሎም ይኽእል እዩ። እቲ ሓቀኛ ጸምዋ ግና፡ ምስ ጌጋ ሰባት ምንባርና እዩ።

• ንሰባት ኢልና ገዛእ ርእስና ኣይንቕየር። ንሓቀኛ መንነትና ዘፍቕሩ ሰባት’ዮም እዮም ሓቀኛታት ኣፍቃርቲ።


• እቲ ኣገዳሲ ዝሸበደ ክፋል ህይወትና፡ ዝርድኡና ሰባት ብዘይምህላዎም ዘይኮነ ንገዛእ ርእስና ምርዳእ ክንስእን እንክለና’ዩ።

• ኣብ ናይ ቋሕ ሰም ግዜያት፡ ነገራት ክቀያየሩ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ፡ ቀጻሊ ንበደላት ክንሓድግን ኣብዚሕና ከፍቅርን ይግባእ። ምኽንያቱ እዚም ዕድላት መዓስ የቋርጹ ስለ ዘይንፈልጥ።

• እንሓንስእ ሰባት ኣብ ልብና’ምበር ኣብ ህይወትና ክህልዉን ክነብሩን ከም ዘይክእሉ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ።

• እቶም ዝሓለፍናዮም ጌጋ ዝምድናታት እዮም ንቅኑዓት ዝምድናታት ከለሊ ዘብቕዑና።

• ንዝኾነ ሰብ ካልኣይ ዕድል ክንህቦ ሰገጥ ኣይንበል። ንተመሳሳሊ ጌጋን በደልን ግን ፍጹም ዕድል ኣይንሃብ።



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ብሉጽ ተመሃራይ

## ጽውጽዋይ

ድሙን ኩርኩር ከልብን ኣዘዮም ዝፋተዉ ኣዕሩኽ እዮም። ኣብ ትርፊ ግዜኦም ብሕት ኢሎም ምዕላልን ምዝንጋዕን ድማ ይፈትዉ ነበሩ። ከይተረኣኣዩ እንተውዒሎም፡ እታ ዕለት ኣመና እያ ትኹብዶም። እዞም ክልተ ኣዕሩኽ፡ ኣብ ዘሰላስልዎ ዕዮታት ወትሩ እዮም ዝተሓጋገዙ።

ቶማስ፡ እቶም ኩሉ ግዜ ኣፍ ንኣፍ ተወሃሂቦም ከዕልሉ ዝረኽቦም ድሙን ኩርኩር ከልብን፣ ወትሩ ንኣቓልቦኡ ምስ ሰሓቡን ብእኦም ምስ ተገረመን እዩ።

ሓደ ንግሆ ቶማስ፡ እምኒ ኣልዒሉ ናብ'ቶም ዘዕልሉ ዝነበሩ ክልተ መሓዙት ብሰላሕታ ብምቕራብ፣ ኣብ ኢዱ ዝነበረት እምኒ ወርወራ። ኣብ መንጎ ምዉቕ ዕላሎም ኣሰንባዲ ድምጺ ዘሰምዑ ድሙን ኩርኩርን ቻው ከይተበሃሃሉ፣ ህይወቶም ንምድሓን ነናብ ዝጥዕሞም ፋሕ በሉ።

ነዚ ዝረኣየ ቶማስ፡ ብተግባሩ ኣመና ተሓጎሰ። ንግሆ ትምህርቱ እናብኮረ ድማ፡ ድማ፡ ኣብ ኩሉ ምንቅስቓሳቶም ጥንቃቐ ከም ዘድልዮም ተረድኣ።

ቶማስ፡ ዝደርበያ እምኒ ንድሙ ወይ ንኩርኩር እንተ ሃሪማ፣ ብታሕጓስ ፍንጭሕ ኢሉ'ዩ ንቤቱ ዝምለስ። እምኒ ተኺሉ ጨመተ ክላመድ እናወዓለ ድማ፡ ከምዛ ክመሃር ዝወዓለ ተማሃሮ ክፍደሱ እንክለዉ ንገዝኡ ይኣቱ ነበረ።

ሓደ መዓልቲ ድሙን ኩርኩርን ኑቲ ወትሩ እምኒ እናደርበየ ድቃስ ዝኸልኦም ተጻባኢ፣ ክላለይዎን ስለምንታይ ከምኡ ይገብር ከም ዘሎ ክሓትዎት መደብ ሓንጸጹ።

ቶማስ፡ ከም ብዓል ደሓን እምኒ ዝሓዘ ኣእዳዉ ንድሕሪት ጠውዩ ድሙን ኩርኩርን እናተጸበየ እንክሎ፡ "ሰላም ሓውና ከመይ ውዒልካ፧" ዝብል ሓፊስ ድምጺ ሰሚዑ ቀሊሕ በለ እሞ፣ ድሙን ኩርኩርን ረኣየ። ኮነታቶም ምስ ኣስተብሃለ ድማ፡ ንዕኡ ንምጥቃዕ ዝዓጠቑ ኮይኖም ተሰምዕዎ። ካብቲ ተሰቒሎምሉ ዝነበሩ ነዊሕ መንደቕ ዘሊሎም ከይጉብጥዎ'ውን ሰግአ።





ኣብ'ታ እቶም ክልተ መሓዙት እንስሳታት ዘዕልሉላ ቦታ ተሓቢኡ ብምጽናሕ፣ ከጓይዮምን ክሃርሞምን ስርሓይ ኢሉ ተተሓሓዞ።

ድሙን ኩርኩርን ብሰንኪ እቲ ንፍቕሮም ዝዘርግ ኮነታት ቀሲኖም ምዕላልን ምስሓቕን ሰኣኑ። ኩሉ በቲ መንገዲ ዝሓልፍ ብፍቕሮም እናተሓጎሰ፣ ብኣንጻሩ ቶማስ፡ ብቕንኢ ምሕማሱ ኣሰደመሞም።

ቶማስ፡ ብተደጋጋሚ ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ካብ ትምህርቲ ኩብኩርን ክቐጽዕን ስለ ዝጀመረ፣ ሰድራኻ ጸውዕ ተባህለ። ምስ ድሙን ኩርኩርን ምጉያይ ባህታ ዝፈጥረሉ ቶማስ፡ ካብ ትምህርቲ ምስጓጉ ኣመና ኣሐጎሶ። ንሰድርኡ ከይነገረ ድማ፡ ሓደ ሰሙን ኣሕለፈ።

ድሙን ኩርኩርን፡ ኑቲ ከም መሳቱኡ ቦርሳ ተኾልኪሉ ትምህርቲ ክኸይድ ርእዮሞ ዘይፈልጡ፣ እምኒ እናደርበየ ድቃስ ዝኸልኦም ቶማስ ርእዮም ተበሳጨዉ። ኣብ ህይወቶም ሓደጋ ከየምጽኣሎም ስለዝሰግኡ ምሉእ ኣካላቱ እናንፈጥፈጠ፡ "ቶ..ቶ..ማ..ስ እበሃል፡" በሎም - ኣብ ኢዱ ዝጨበጦ እምኒ ንመሬት ፈንዩ።

"ክንደይ ክፍሊ ትመሃር፧" ሓተተ ድሙ።

ርእሱ እናሓኸኸ፡ "ሓሙሻይ፡" መለሰ ቶማስ።

"ወትሩ ኣብዚኣ ንዓና ክትሃርም ተሓቢእካ ኢኻ ትውዕል፣ መዓስ ደኣ ተርክበሉ ንትምህርቲ፧" ወሰኸ ኩርኩር።

"ኣነ ዝጸልኦ ነገር እንተልዩ ትምህርቲ'ዩ። ቦርሳ ኣብ ኢደይ ክሕዝ እንክለኹ'ን መምህር ኣብ ክፍሊ ክኣቱ እንክሎ'ን ርእሰይ ዝቕንዘዎ ክነግረኩም ኣይክእልን እየ። በቃ! ትምህርቲ ትብል ቃል ክሰምዓ'ውን ኣይደልን እየ፡" በለ - ኣብ ገጹ ምሕረ ጽልኣት ትምህርቲ እናተነበ።

"እንታይ ደኣ ትፈቱ ማለት እዩ፧" ወሰኸት ድሙ።

**ይቕጽል**

# ሌላ ትሩማን ሄንሪ ሳፎርድ



ትሩማን ሄንሪ ሳፎርድ፡ ብ6 ጥሪ 1836 ተወሊዱ፡ ብ13 ሰነ 1901 ዝዓረፈ፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኡ ከም ትንግርታዊ ህጻን ዝፍለጥ ዝነበረ ኣመሪካዊ እዩ። እቲ ዘገርም ናይ ምቕማር ክእለቱ፡ ኣብ ኣዝዩ ንኡስ ዕድመኡ ኣቓልቦ ብዙሓት ከም ዝስሕብ ገበሮ።

ወዲ 9 ዓመት ከሎ፡ ሳፎርድ ን365,365,365,365,365,365 (ሰለስተ ሚእትን ስሳን ሓምሽተን ኳድሪልዮንን ሰለስተ ሚእትን ስሳን ሓምሽተን ትሪልዮንን ሰለስተ ሚእትን ስሳን ሓምሽተን ቢልዮንን ሰለስተ ሚእትን ስሳን ሓምሽተን ሚልዮንን ሰለስተ ሚእትን ስሳን ሓምሽተን ሽሕን ሰለስተ ሚእትን ስሳን ሓምሽተን) ምስ ገዛእ-ርእሱ ንኽርብሕ ብሓደ ኻህን ተሓተተ። ንሱ፡ ነዛ ሕቶ ምስ ተሓተተ፡ ኣብቲ ኽፍሊ ከም ዓካት ሸንከለውለው ክብል ጀመረ። ንታሕተዋይ ሸነኽ ስረኡ ንታሕቲ ብምውራድ፡ ንላዕለዋይ ክፋል ናይቲ ወድዩዎ ዝነበረ ቡት ጫማ ከም ዝሸፍን ገበረ። ሓንሳእ ነጻብዕቱ እናንኸሰ፡ ሓንሳእ ነዒንቱ ናብ ኵሉ ኵርናዓት ናይቲ ክፍሊ እናሰደደ፡ ሓንሳእ ፍሽኽታ ኣሰንዩ ዝቕምር ዘሎ እንክመስል ብትሑት ድምጺ እናተዛረበ፡ ሓንሳእ ድማ ኣብ ብስጭት ዘሎ ኹይኑ እናመሰለ ሓሳባት ኣሰላሰለ። እዚ ኹሉ ኮመድያዊ ምንቅስቓሳት፡ ኣብ ደቒቕ ዘይኣክል ግዜ'ዩ ተዋሲእዎ።


ብቕጽበታዊ ቅልጣፈ ድማ ነቲ ቅኑዕ መልሲ፡ ማለት= 133,491,850,208,566,925,016,658,299,941,583,225 (ሚእትን ሰላሳን ሰለስተን ዴሲልዮንን ኣርባዕተ ሚእትን ቴስዓን ሓደን ኖኒልዮንን ሸሞንተ ሚእትን ሓምሳን ኦክቲልዮንን ክልተ ሚእትን ሸሞንተን ሴፕቲልዮንን ሓምሽተ ሚእትን ስሳን ሽድሽተን ሴክስቲልዮንን ትሽዓተ ሚእትን ዕስራን ሓምሽተን ኩንቲልዮንን ዓሰርተው ሽድሽተ ኳድሪልዮንን ሽድሽተ ሚእትን ሓምሳን ሸሞንተን ትሪልዮንን ክልተ ሚእትን ቴስዓን ትሽዓተን ቢልዮንን ትሽዓተ ሚእትን ኣርበዓን ሓደን ሚልዮንን ሓምሽተ ሚእትን ሰማንያን ሰለስተን ሽሕን ክልተ ሚእትን ዕስራን ሓምሽተን) ብርእሱ ቀሚሩ፡ ብኣፉ ተረረር ኣቢሉ ወጽኦ። ድንጽውዶ ኢሉኩም! ንምሓዙ ክብድ ይብል'ዩ። ግና ሰብ ዝኽኣሎ ኸኣ ዘይክኣል ኣይኮነን።

ኣንቢብኩምዎዶ፧ እወ ኣይተጋገኹምን! ነዚ ኹሉ ምንቅስቓሳት ድሕሪ ምግባር፡ እቲ ቕኑዕ መልሲ ኑቶም ካህን ብዘይ ዝኾነ ሰጋእ-መጋእ'ዩ ካብ ኣእምሮኡ ዝነገሮም። ነዚ ኹሉ ንኽገብር ድማ ትሕቲ 1 ደቒቕ ወሰደሉ። ሳፎርድ፡ ነዞን ዓበይቲ ቍጽርታት ንምቕማር ዝኾነ ይኹን ንመሕሰቢ ዝኾኖ ወረቐት ኣይተጠቕመን። እዚ ኸኣ ንብዙሓት ከየገረመ ኣይተረፈን እብለኩም!

ምንጪ፡ 'ደሴት ቍጽርታት'
ብፈሪሓ ኣሕመድ

# ዋዛ

ሓደ ቈልዓ ገንዘብ ጠፊእዎ ኣብ መገዲ ኰይኑ ይበኪ ነበረ። ነዚ ዝተዓዘበ ሓደ ሰብኣይ ናብቲ ዝበኪ ዝነበረ ቈልዓ ቀርብ ኢሉ፡



"እዚ ወደይ እንታይ ኴንካ ትበኪ ኣለኻ፧" ክብል ሓተቶ።

እቲ ቈልዓ፡ "ዓባየይ ገንዘብ ሂባትንስ እታ ገንዘብ ጠፊኣትኒ፡" እናበኸየ መለሰሉ።

እቲ ሰብኣይ፡ "ዓባይካ ደኣ ንምንታይ ኢላ ገንዘብ ሂባትካ፧" እቲ ሰብኣይ ሕቶኡ ቀጸለ።

እቲ ቈልዓ፡ "ዓባየይ ስለእትፈትወኒ ካራሜለ ክገዝእ ሂባትኒ፧" መለሰ።

እቲ ሰብኣይ፡ "ዓባይካ ክንደይ እያ ሂባትካ ነይራ?" ሕጂውን ሕቶኡ ቀጸለ።

እቲ ቈልዓ፡ "ሓምሳ ሳንቲም፡"

እቲ ሰብኣይ፡ "ሕራይ በል እዚ ወደይ ኣይትብከ እንካ እዛ ሓሙሳ ሳንቲም፡" ሓምሳ ሳንቲም ኣቐበሎ።

እቲ ቈልዓ፡ "የቐንየለይ!!" ኢሉ ነታ ሓምሳ ሳንቲም ድሕሪ ምቕባል፣ ጽንሕ ኢሉ ክበኪ ጀመረ።

እቲ ሰብኣይ ተገሪሙ፡ "ሕጂኸ እንታይ ኴንካ ትበኪ ኣለኻ ምሽ ሓምሳ ሳንቲም ሂበካ፧" ሓተቶ።

እቲ ቈልዓ፡ "እታ ዓባየይ ዝሃበትኒ እንተትህሉ ክልተ ሓምሳ ሳንቲም ምኾናለይ ነይረን፡" ክብል መለሰሉ።

ብዘረባ እቲ ቈልዓ ዝተገረመ ሰብኣይ፡ "ሕራይ እዚ ወደይ እታ ዝሃብኩኻ ሓምሳ እሞ ሃበኒ፡"

እቲ ቈልዓ ብኽያቱ ኣቋሪጹ ነታ ዝሃቦ ሓምሳ ሳንቲም ኣቐበሎ።

እቲ ሰብኣይ፡ "በል እዚ ወደይ ሕጂውን ብኽያትካ ቀጽል። ንስኻ እሩም ቈልዓ ኣይኮንካን፡" ኢሉዎ መገዱ ቀጸለ።

## መልሲ እተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ሕ | ል | ና | | ሕ | ማ | ም | |
| ሉ | | በ | ለ | ስ | | ሳ | ዋ |
| ፍ | ላ | ይ | | ረ | ሳ | ሕ | |
| | ህ | | ሕ | ት | ም | | ፈ |
| ዕ | ማ | ም | | | ና | ሕ | ቢ |
| ስ | ም | | ሕ | ጸ | | ሉ | |
| ለ | | ኣ | ቶ | | ስ | ም | ዒ |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Position: HME Dewatering Mechanic**

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Responsible for managing the pit dewatering pumps and engines by executing planned services, breakdown and major rebuilding of dewatering pumps.
- Manage and control spare parts availability.

**Essential functions**

- Safely maintain pit dewatering pumps to ensure targeted reliability and availability to support mining activities in all mining operations. (Planned and unplanned work)
- To rebuild dewatering pumps when needed to ensure availability of worn or failed pumps.

**Task description expanded to core performance areas**

- Planning
- Implementation of the plan
- Reporting

**Unique requirements / other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Formal Trade Certificate<br>○ Must have a valid driver licence. | ○ 3 - 5 years pit dewatering pump and engine experience<br>○ Knowledge of SYKES and or Godwin dewatering pumps<br>○ Knowledge of submersible pumps. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy MS Office – Intermediate)<br>○ Attention to detail, Analytical skill<br>○ Mechanical & Electrical dewatering experience<br>○ Problem solving skill<br>○ Reading and understanding technical diagrams. | ○ Communications (English), Assertiveness<br>○ Interpersonal relations (Team player)<br>○ Prioritizing skills & multi-skilling<br>○ Ability to work towards strict deadlines<br>○ Discretion, High level of accuracy, Self-motivation<br>○ Integrity, Self-driven |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

---

**ንግዳዊ ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ (09) ኣስመራ**

**ጉዳዩ ፦ ምልክታ ጨረታ ዝምልከት**

ኣብ ትሕቲ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዝርከብ ትካል ሰብ ስርሖ መሓወሪ ዓረርብ ኣብ ዓዲ ጓዕዳድ ዝርከቡ ናይ 110 kw ጸሓያዊ ጸዓት ክተክል ስለዝመደበ፡ ንሕጋውያንን ብቑዓትን ትካላት / ክኢላታት ንክተኽልዎ ይዕድም። ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት ከምዚ ዝስዕብ ይኸውን።

ኣርእስቲ ውዕል፦ ምትካል ጸሓያዊ ጸዓት

- ተጫረትቲ ናይ ሚኒስትሪ ጸዓት ሰርቲፊኬት class c ወይ ልዕሊኡ ዞማለኡ ክኾኑ ኣለዎም።
- ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ 2023 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ወሽጢ ሃገር ከቕርቡ።
- ተጫረትቲ፡ ቴክኒካዊ ሓበሬታ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ዕ/ማ/ድ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ። ከምኡ'ውን ኣብ ቦታ ስራሕ ትካል ሰብ ስርሖ መሓወሪ ዓረርብ ዓዲ ጓዕዳድ ከይዶም ነቲ ቦታ ክርእይዎ።
- ብቑዓት ተጫረትቲ (TOR) ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ 100.00 ( ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይኽእሉ።
- ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ድሕሪ ምውጽኡ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ናይ ስራሕ ሰዓታት፡ ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታኦም የቕርቡ። ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ቅቡል ኣይከውንን።
- ጨረታ ሰነድ ዝርከበሉ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ዕ/ማ/ ድሕነትን ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ጸሓፊት ይኸውን። ሞባይል ቁጽሪ 07267868።
- ጨረታ ዝኽፈተሉ ዕለት ካብ ጨረታ ዝተዓጽወሉ መዓልቲ ሰዒብ ዘላ መዓልቲ ናይ ስራሕ ይኸውን። ሕጋውያን ተጫረትቲ ወይ ድማ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት። ጨረታ ዝኽፈተሉ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ዕ/ማ/ድ ይኸውን።
- ጨረታ ንኹሎም ተጫረትቲ ክፉት ይኸውን።
- ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

እማዛ ኪዳነ
ዳ/ጀ/ክ/ምም/ፋይናንስን

---

**ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ**

ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ኮሌጅ ዝርከብ ቤት ሻሂ ን2 ዓመት ኣውፍዩሩ ከካሪ ስለ ዝደለየ፣ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም

1.ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን ትሕጃ 100,000.00 (ሓደ ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ) ብCPO የትሕዙ።

2. ቅዳሕ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድን ንግድን (ልቸንሳ) ክሊራንስን መንነት ወረቐትን።

3. ብዘወሳኺ እቲ ንግዲ ፍቓድ ነቲ ትካል (ቤት ሻሂ) ዝገልጽ ክኸውን ኣለዎ።

3. ተጫረትቲ ዘይምለስ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ካብ ኮሌጅ ይወስዱ።

4. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንተኸታተልቲ 5 (ሓሙሽተ) መዓልታት ጨረታ ክፉት ኮይኑ፡ ንጸባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ተረኽቡሉ ሳንዱቕ ጨረታ ይኽፈት።

ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ ኣሃዱ ዕድጊ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ ብምምጻእ ወይ ብቁ/ስልኪ 08204288 ብምድዋል ምውካስ ይከኣል።

ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;
Maintenance Superintendent Plant
Number required – (01)
Type of contract – definite (2 years)
Major Duties and responsibilities

- Assist the Maintenance Manager to recruit, train and mentor a Maintenance team who will deliver quality maintenance services to the fixed plant. In doing so, ensuring KPI's that facilitate sustained and productive operations are delivered.
- The Superintendent is responsible for planning, coordinating and directing of all daily activities required to maintain the mechanical and structural integrity of the Plant. This person will report to the Maintenance Manager and assist with various administrative and management functions.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

- Ensure compliance with quality, health and safety rules, guidelines, and regulations.
- Planning, prioritizing, assigning, supervising, reviewing, and participating in all tasks related to maintenance.
- Development and implementation of preventative maintenance programs for all site-based Fixed Plant equipment and facilities to ensure high levels of equipment availability.
- Recruitment and coordinating training sessions in maintenance, safety procedures, and methods.
- Manage budget and track maintenance expenditures.
- Assist with the implementation of capital projects.
- Implementing maintenance strategy including monthly reporting and KPI validation.
- Manage, motivate, develop, and provide direct leadership to maintenance staff.
- Ability to interface with other departments, particularly Production Operations.
- Ability to build and motivate a team comprising of expatriates and national employees.
- Understanding computer driven maintenance management programs,
- Able to compile reports, update/compile Job Description etc.
- Develop the Operation Readiness for the Electrical & Instrumentation section

Profile: Qualifications and Experience
Formal Education, Certifications or Equivalents

- Trade Qualifications as a fitter Mechanic or equivalent or,
- A qualified Mechanical Engineer with experience in overseas operational position
- Previous experience in supervising a maintenance team consisting of Supervisors and tradesmen

Working Experience – Nature & Length

- 10 years' experience in large scale open-pit mines in the areas of Fixed Plant Equipment Maintenance,
- 5 years' experience as Plant Maintenance Supervisor and Superintendent.
- In-depth knowledge of different Fixed Plant Equipment I.e. Crusher, Mills, Conveyor belt, Pumps etc. preferable Copper Floatation Plants
- Operation Readiness exposure
- Good ability in cross-cultural communication skills.
- Excellent leadership qualities.
- Sound knowledge of preventive maintenance programs
- Functional communication in English is mandatory.
- Computer literacy including planning systems

Technical Skills

- Instrumentation & PLC as well as SCADA knowledge
- Electrical Equipment knowledge, including HV & LV systems switchgear
- Analytical skills
- Report Writing skills
- Plan, organize and execution skills.
- Valid Driver's License

Behavioral Skills

- Safety leadership by example
- Ability to work in developing country
- Ability to work under pressure with challenging targets
- High level of initiative
- Demonstrated training and people development skills.
- Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures.

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Sites
- Type of contract: definite Period (2 years)
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.
- Address: Please mail your applications to;

Asmara Mining Share Company,
P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea

- Applicants shall be required to send a copy to:

Mineral Resources Management
P.O. Box – 272
Asmara

•Note to Non-Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

## ምልክታ ጨረታ

ናይ ፖሊስ ኤርትራ ዋኒት ዝኾና 245 ኮምፕዩተራት፣ 31 ፎቶኮፕየራት፣ 118 ፕሪንተራት፣ 104 ዩፒኤሳት፣ 69 ስታብላይዘር፣ ብኩንትራት ንሓደ ዓመት ዝጽንሕ ዝጽግኖን መቀያየሪ ኣቑሑት ከቕርባ ዝኽእላን ትካላት ኣወዳዲሩ ክጽግን ስለ ዝደለየ፣ ዝ. ዝስዕብ ረቛሒታት ከማልኡ ዝኽእሉ ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ናይ 2024 ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ምስ 2023 ዓ/ም ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ፣

1. መረጋገጺ ምስክር ብቑዓት ካብ ቅድሚ ሕጂ ዘገልገሉም ትካላት ከቕርብ ዝኽእል።
2. ንበረት ከም ዝተበላሸወ፡ ሓበሬታ ምስ ዝበጽሖ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ጸጊኑ ዘረክብ፣
3. ጽገና ዘካይድ ትካል፡ ምሉእ መቀያየሪ ኣቑሑት ከቕርብ ዝኽእል፣
4. ብዝርዝር ናይ ዝቐርብ መቀያየሪ ኣቑሑት ብፍሉጥን ንሓደ ዓመት ዘይቅየርን ዋጋ ዘቕርብ።
5. ኣብ ዮባታት ወከል ጽገና እንተሎ ተመራጺ ስለዝኾነ ይቕርብ፣
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን20 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብታ ትቕጽል ዕለት ሰዓት 09:00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት፣
7. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ኤርትራ ንኣብ ጨንፈር ዕድጊ ብቑጽሪ ቴሌፎን 202044 ክውከሱ ይኽእሉ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝኣዝዞ ማሰረት ይካየድ።
9. ፖሊስ ኤርትራ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ክሰርዞ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ፖሊስ ኤርትራ

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## “ዩክሬን ብሩስያ ዝተታሕዘ ግዝኣታ ንምምላስ ክትሓስብ የብላን” ኣመሪካ

ዩክሬን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ፌደረሽን ሩሲያ ኣትዩ ንዘርከበ ግዝኣታ ብምልኡ ከተምልሶ ትጽቢት ክትገብር ከምዘይብላ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ኣመሪካ ፒት ሆገሰት ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ እታ ሃገር ኣብል ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ናይ ምዃን ድሌታ'ውን ፈጺሙ ግብራዊ ክኸውን ከምዘይክእል ብምሕባር፡ ናብቲ ኪዳን ንምጽንባር እትገብሮ ዘላ ጻዕራታት ብኣጋኡ ከተቋርጽ ኣተሓሳሰበ።



“ዩክሬን ብሩስያ ንዘተመንዘዐ ኩሉ ግዝኣታ ከተምልሶ ክትሓስብ የብላን። ኣብ ክንድኡ ኑቲ ግጭት ብሰላም ንምዕራፍ ንዝተ ክትዳሎ ኣለዋ” ዝበለ እቲ ብዓል-ስልጣን፡ ምምሕዳር ትራምፕ ኑቲ ግጭት ብሰላም ንምዕራፍ ዘለዎ ኣጠማምታ፡ ካብቲ ናይ ሩሲያ ራኢ ብዙሕ ዝፍለ ከምዘይኮነ ኣወኪኡ።

ኣብ መወዳእታ ደሚ ዩክሬን እትሓተቶ ወተሃደራውን ፊናንሲያውን ሓገዛት ንምምላእ ሃገራት ኤውሮጳ ምሉእ ሓላፍነት ክሽከማ ከምዘለወን ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ወተሃደራት ኣመሪካ ዘይሳተፋዎ ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ናብቲ ኩናት ዝተፈደለ ዞባ ከበጽሖት ክኣትወ ከምዝኽእሉ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን እውን ኣቐድም ኣቢሉ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ዝኾነ ኣብ መንጎ ክልተአን ሃገራት ዝኽተም ስምምዕ ሰላም፡ ዩክሬን ናብ ኔቶ ናይ ምጽንባር ጥሙሓ ከተቋርጽን ሰራዊታ ካብ'ተን ሩሲያ ኣብ መስከረም 2022 ዝሉሓቑተን ኣርባዕተ ዞባታት ጠቕሊላ ክትስሕቦን ዘገድድ ክኸውን ከምዘለዎ ኣስሚሩሉ ነይሩ።

ጸብጻባት ከም ዝሕብርዎ፡ ዩክሬን ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት፡ ካብ 50 ዝተፈላለያ ሃገራት ብድምር ልዕሊ 126 ቢልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ሓገዝ ረኺባ እያ። ካብኡ እቲ ልዕሊ 66.5 ቢልዮን ዶላር ካብ ኣመሪካ ዝተለገሰ እዩ።

## ፕረዚደንት ላይበርያ፡ ልዕሊ 450 ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኣደስኪሉ

ፕረዚደንት ላይበርያ ጆሴፍ ቦኣካይ፡ ዘውንኦዎ መጠን ሃብቲ ኣብ እዋኑ ከምዘየፍለጡ ንዝኸሰሶም ልዕሊ 450 ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ካብ ስልጣኖም ከምዝደስከሎም ተሓቢሩ።

እቲ ፕረዚደንት ኣብ ስጉምቲ ዝወሰድ ዘሎ፡ ኣብታ ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገር ሱር ሰዲዱ ዘሎ ብልሽውና ንምቅላስ ኣብርቲዑ ክሰርሕ ምዃኑ ኣብ ዝገልጸሉ ዘሎ እዋን'ዩ።

እቶም ሚኒስተራት ዝርከብዎም ሰብ ስልጣን መንግስቲ ናብ ኮሚሽን ጸረ-ብልሽውና እታ ሃገር ቀሪቦም ዘውንኦዎ መጠን ሃብቲ ብትኽክል ክሳብ ዘፍልጡ ኩኡ፡ ናብ ስርሖም ከምዘይምለሱ እቲ ፕረዚደንት ኣፍሊጡ ኣሎ።

ላይበርያ፡ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ናብ ስልጣን ኣብ ዝድይብሉን ካብ ስልጣን ኣብ ዝወርድሉን እዋን መጠን ሃብቶም ከፍልጡ ዘገድድ ሕጊ'ኳ እንተ'ለዋ፡ እቶም ኣስታት 5 ሚልዮን ዝኾኑ ዜጋታታ ግን ወትሩ ብብልሽውና መራሕቶም ምስ



ኣማረሩ እዮም።

ንኣብነት፡ ኣብ 2017 ኣብ ሽወደን ተሓቲሙ ብኮንተይነር ናብ ላይበርያ ዝኣተወ ዋጋ ልዕሊ 100 ሚልዮን ዶላር ኣመሪካ ዝኾነ ሓድሽ ባጤራ እታ ሃገር፡ ኣብዚ ኣትዩ ከይተባህለ ጠፊኡ ከምዝተረፈ ኣብ እዋኑ ብማዕከናት ዜና ዓለም ተገሊጹ ነይሩ።

ኣብ ሕዳር 2023 ብትረ-ስልጣን ዝጨበጠ ፕረዚደንት ጆሴፍ ቦኣካይ፡ ኣንጻር ብልሽውና ደው ከምዝብል ንምርኣይ ክብል ንመጠን ወርሓዊ መሃያኡ ብ40% ከምዝነከዮ እዩ ዝንገረሉ።

ላይበርያ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ዝደኸያ ቀዳሞት ሃገራት ዓለም ምዃና፡ ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ይሕብሩ።

## ካናዳ፡ ንኣዘዝቲ ሰራዊት ናይጀርያ ቪዛ ትኽልክል

ሓለቓ ስታፍ ሰራዊት ናይጀርያ - ጀነራል ክሪስቶፈር መሳ፡ ኣብታ ሃገር ዝርከብ ኢምባሲ ካናዳ ንዓኡን ንኻልኦት ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት እታ ሃገርን ቪዛ ከምዝኸልኣሎም ከሲሱ።

ንሱ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ከተማ ኣቡጃ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ሎሚ ቀዳም ዝጀመረ ኣብ ቫንኩቨር - ካናዳ ዝካየድ ዘሎ ናይ ሰራዊት ኣህጉራዊ ስፖርታዊ ውድድራት ንምስታፍ፡ ምስ ብርክት ዝበሉ መሳርሕቱ ቪዛ ሓቲቱ ከምዝጸበየ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እቲ ኢምባሲ ግን ኑቲ ሕቶ ከምዝነጸጎ ኣፍሊጡ።



በዚ ኩኡ ናይጀርያ ብካናዳ ይኹን ብኻልኦት ሃገራት ምዕራብ ናብ ዘይትኻኣቐሉ ደረጃ ክብረት ንምድያብ፡ ኩሎም ናይጀርያውያን ብሓባር ክሰርሑ ተላብዩ።

ኣማኻሪ ሃገራዊ ድሕነት ናይጀርያ - ኑሁ ሪባዱ ድማ፡ መንግስቲ ካናዳ ንዘወሰዶ ስጉምቲ ድሕሪ ምዅናኑ፡ ናይጀርያ ክብረታ ንምርግጋጽ ብዙሕ ስራሕ ከድልያ ምዃኑ ገሊጹ።

ካናዳ ንላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ናይጀርያ ቪዛ ትኽልክል ዘላ፡ ንስደተኛታት ዝምልከቱ ተረርቲ ሕግታት ኣብ ተጽድቐሉ ዘላ እዋን'ዩ።

## “ሰነተራትና ብቦምባ ክንቀትሎም ኣሎና” ፕረዚደንት ፍሊፕንስ ነበር

መራሒ ፍሊፒንስ ዝነበረ ሮድሪጎ ዱተርተ፡ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ (ሰኑት) እታ ሃገር ብመጥቃዕቲ ቦምባ ክቕተሉን፡ መናብርም ብተቓወምቲ ሕጹያት ክተሓዝን ዝጽውዕ ሓደገኛ መልእኽቲ ብምትሕልላፉ፡ ኣብ ሓያል ወጥሪ እታ ሃገር ሰንቢዱ ፈጢሩ።

ንሱ ነዚ መልእኽቲ'ዚ ዘመሓላለፈ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ምሸት ኣብ ርእሰ-ከተማ እታ ሃገር - ማኒላ ንዝተኣኻኸቡ ደገፍቱ ኣብ ዘስመዖ መደረ እዩ።

ንሱ፡ ኣብቲ እንተላይ ን9 ተቓወምቲ ሕጹያት ሰነተራት ደገፉ ዘስምዓሉ ኢጋጥሚ፡ “ንሕና ተቓወምቲ ኣብ ሰኑት




እኹል መናብር እንተደኣ ክንሕዝ ኮይንና፡ ኑቶም ዘለዉ ሰነተራት ክንቀትሎም ጥራሕ'ዩ ዘሎና። 15 ሰነተራት እንተ ቀቲልና፡ ከላትና ሕጹያት ተቓወምቲ ናብ ሰኑት ክንኣቱ ንኽእል ኢና” ክብል'ዩ መዲሩ።

ወሲኹ ድማ፡ “እንተደኣ ዕድላት ንምርካብ ንሓስብ ኣሎና ኴንና፡ እቲ እንኮ ንድሌትና ከተግብረሉ እንኽእል መንገዲ - ቦምባ ብምጥቃም እዩ” ክብል ገሊጹ።

ኑቲ ኣብ 1971 ኣብ ከተማ ማኒላ ዝተፈጸመ - ከንቲባ ማኒላ ዝርከቦም 6 ሕጹያት ሰኑትን ካልኦትን ዘቐተለ መጥቃዕቲ ቦምባ ብምጥቃስ ድማ፡ እቲ ሽበራዊ ተግባር ዳግማይ ዘይፍጸመሉ ምኽንያት ከምዘየለ ከረድእ ፈቲኑ።

ዱተርተ ከምዚ ዝበለ ማስደመም መግለጺ ዘሰምዕ ዘሎ፡ ምስቲ ንዓኡ ተኪኡ ናብ ስልጣን ዝደየበ ፕረዚደንት ፈርዲናንድ ማርኮስ ዝጀመሮ ናይ ኩናት ቃላት ዝረሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን'ዩ።

ብቐንዱ ግን፡ ምክትል ፕረዚደንት ኮይና ትሰርሕ ዘላ ጓሉ - ሳራ ዱተርተ፡ ካብ ስልጣና ክትወርዳ ዝኽእል ክሲ ኣብ ባይቶ ተመስሪቱላ ኣብ ዘለወሉ እዋን'ዩ ከምዚ ዝበለ መግለጺ ዘስምዕ ዘሎ።

እዛ ፍርዲ ትጽበ ዘላ ብዓልቲ-ስልጣን መጻኢ ፖለቲካዊ ዕድላ፡ ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ በቲ 24 ኣባላት ዘለውዎ ሰኑት እታ ሃገር ክውሰን ምዃኑ'ዩ ዝሕበር።

ሮድሪጎ ዱተርተ ካብ 2016 ክሳብ 2022 ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ምስ ዕጹ-ፋርስ ብዝተኣሳሰር ምኽንያት ኣስታት 25 ከንቲባታት ዝርከቡዎም ልዕሊ 7,000 ዜጋታት እታ ሃገር ብሓይልታት ጸጥታ ከምእተቐትሉ፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

## ደርማስ መርከብ ውግእ ኣመሪካ ተጋጪያ

ኣፈርቲ እትስከም ደርማስ ወተሃደራዊት መርከብ ኣመሪካ፡ ምስ ሓንቲ ናይ ንግዲ መርከብ ከምእተጋጨወት ተሓቢሩ።

ብመሰረት ሰቡመዚ ሓይሊ-ባሕሪ ኣመሪካ፡ እታ ‘ዩኤስኤስ ሃሪ ኢስ ትሩማን’ ዝተሰምየት መርከብ ውግእ ዝሓለፈ ረቡዕ ለይቲ እያ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ምስ ሓንቲ ‘በሽክታሹኤም’ ዝተባህለት ናይ ጽዕነት መርከብ ተላቲማ።

እንተኾኑ በቲ ኣብ ከባቢ ወደብ ሰይድ - ግብጺ ዘጋጠመ ሓደጋ ኣብ ልዕሊ ኣብታ መርከብ ዝነበሩ ባሕረኛታት ዘጋጠመ ጉድኣት ከምዘየለ ዝጠቐሱ እቶም ሰቡመዚ፡ እታ መርከበ'ውን ኣብ ደሓን ኩነታት ከምዘላ ገሊጾም።

እቲ ሓደጋ ብኸመይ ኪጋጥም ከምዝኸኣለ ንምፍላጥ'ውን ምጽራያት ይግበር ከምዘሎ፡ ወሲኾም ሓቢሮም።

እታ ልዕሊ 188 ሜትሮ ንውሓትን 53,000 ቶን ክብደትን ከምዘለዋ ዝተነግረላ ንግዳዊት መርከብ፡ ኣቐድም ኣቢላ ብመትረብ ሰዌዝ ዝሓለፈት ኮይና፡ ናብ ጸለም ባሕሪ - ወደብ ሮማንያ ተምርሕ ምንባራ'ዩ ዝገለጽ ዘሎ።

እታ ብኑክሊሳዊ ጸዓት እትንቀሳቐስ መርከብ ውግእ ኣመሪካ ድማ፡ ረብሓታት ኣመሪካ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ብሸኪ ግጭት እስራኤልን ዕጡቓት ጉጅለታት ኣዕራብን ኣብ ሓደጋ ከይወድቕ ንምሕላው፡ ካብ መስከረም 2024 ኣትሒዛ ኣብ ማያት ማእከላይ ባሕሪ ከምእትርከብ'ዩ ዝሕበር።



እታ ክሳብ 5,000 ዝኾኑ ባሕረኛታት ከምዘለዉዋ ዝንገረላ ወተሃደራዊት መርከብ፡ ኣቐድም ኣቢላ ኣብ ልዕሊ ዒላማታት ዕጡቓት የመን ተደጋጋሚ ናይ ሚሳይል ድብያት ኣካይዳ ምንባራ፡ ጸብጻባት ይጠቕሱ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፍረ - ኣውሊዕ | 15/02/2025 | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ | 163485 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565